# ህዝባዊ ወያነ ሓርነት ትግራይ

# መመሓደሪ ደንቢ

## ኣብ ቀዳማይ ህፁፅ ውድባዊ ጉባኤ ህወሓት ተመሓይሹ ዝፀደቐ

26 ታሕሳስ 2012 ዓ.ም

# ትሕዝቶ


**መእተዊ** ........ 1

**ምዕራፍ ሓደ፡ ሓፈሻዊ ድንጋገታት** ........ 2

ርእሲ፣ ሽምን ኣርማን ውድብና ........ 2

ዓንቀፅ 1 ርእሲ፤ ........ 2

**ዓንቀፅ 2 ሽም ውድብና፤** ........ 2

**ዓንቀፅ 3 ኣርማን ትርጉም ኣርማን ህወሓት፤** ........ 2

**ምዕራፍ ክልተ** ........ 3

**ኣባልነት፣ መሰልን ግቡእን ኣባል** ........ 3

ዓንቀፅ 4 ኣባልነትን ረቛሒታትን፤ ........ 3

**ዓንቀፅ 5 ምልመላ ኣባላት፤** ........ 4

ዓንቀፅ 6 መሰል ኣባላት፤ ........ 5

ዓንቀፅ 7 ግቡእ ኣባላት፤ ........ 7

**ምዕራፍ ሰለስተ** ........ 9

**መትከላት ኣወዳድባን ኣሰራርሓን ህወሓት** ........ 9

ዓንቀፅ 8 መትከላት ኣወዳድባን ኣሰራርሓን ህወሓት፤ ........ 9

ዓንቀፅ 9 ኣወሃህባ ውሳነታት፣ ኣተኣላልያ ውሽጣዊ ዘይምርድዳእን ተሓታትነትን ........ 10

ዓንቀፅ 10 መረፃን ኣካይዳ መረፃታትን፤ ........ 12

**ዓንቀፅ 11 ገምጋምን ምንቕቓፍን፤** ........ 13

**ዓንቀፅ 12 መቕፃዕቲ፤** ........ 13

**ምዕራፍ ኣርባዕተ** ........ 15

**ኣካላት ኣመራርሓን ውዳበታትን ህወሓት** ........ 15

ዓንቀፅ 13 ኣካላት ህወሓት፤ ........ 15

ዓንቀፅ 14 ውድባዊ ጉባኤ፤ ........ 16

ዓንቀፅ 15 ማእኸላይ ኮሚቴ፤ 19
ዓንቀፅ 16 ኮሚቴ ፈፃሚ ስራሕ፤ 21
ዓንቀፅ 17 ስራሕን ሓላፍነትን ኣቦመንበር ውድብ 22
ዓንቀፅ 18 ስራሕን ሓላፍነትን ምኽትል ኣቦመንበር ውድብ 22
ዓንቀፅ 19 ማእኸላይ ኮሚሽን ቁፅፅር ህወሓት 22
ዓንቀፅ 20 ቤት ፅሕፈት ህወሓት፤ 24
ዓንቀፅ 21 ካብ ዞባ ክሳብ ቅፃይ ዘለው ውዳበታትን ኣካላት ኣመራርሓን ህወሓት፤ 26
ዓንቀፅ 22 ዞባዊ ዋዕላ ኣባላት፤ 26
ዓንቀፅ 23 ኮሚቴ ዞባ፤ 27
ዓንቀፅ 24 ኮሚሽን ቁፅፅር ዞባ፤ 28
ዓንቀፅ 25 ዋዕላ ኣባላት ወረዳ፤ 28
ዓንቀፅ 26 ኮሚቴ ወረዳ፤ 29
ዓንቀፅ 27 ኮሚሽን ቁፅፅር ወረዳ፤ 30
ዓንቀፅ 28 መሰረታዊ ውዳበታት፤ 30
ዓንቀፅ 29 ኮሚቴ ኣመራርሓ መሰረታዊ ውዳበ፤ 31
ዓንቀፅ 30 ኮሚሽን ቁፅፅር መሰረታዊ ውዳበ፤ 32
ዓንቀፅ 31 ዋህዮ፤ 32
ዓንቀፅ 32 ኮሚቴ ኣመራርሓ ዋህዮ፤ 33
ዓንቀፅ 33 ቅፃይ፤ 34
**ምዕራፍ ሓሙሽተ፡ 34**
**ህወሓት ኣብ ግንባር፣ ጥምረት ወይ ውህደት ኣባል ንምኻን ዝኽተሎ ስርዓት 34**
ዓንቀፅ 34 ኣባልነት ህወሓት ኣብ ዝፍጠሩ ግንባራት ወይ ጥምረታት፤ 34
**ዓንቀፅ 35 ውህደት፤ 35**
**ምዕራፍ ሽዱሽተ 35**
**ዝተፈላለዩ ድንጋገታት 35**

**ዓንቀፅ 36 ብዛዕባ ምፍራስ ውድብ፤ ........................................................ 35**
ዓንቀፅ 37 ህወሓት ኣባል ካብ ዝኾነሉ ግንባር ወይ ጥምረት ኣባልነት ምቁራፅ ፤ ........ 35
ዓንቀፅ 38 ልሳን ውድብ፤ ........................................................ 36
ዓንቀፅ 39 ፋይናንሳዊ ጉዳያትን ኦዲትን፤ ........................................................ 36
ዓንቀፅ 40 ኣባላት ንሓፈሻዊን ከባብያውን መረፃ ዝሕፀይሉ ስርዓት፤ ........................ 37
ዓንቀፅ 41 ምምሕያሽ፣ ምስዓር መመሓደሪ ደንቢ ዝምልከት፤ ........................ 38
ዓንቀፅ 42 ኣገላልፃ ፆታ፤ ........................................................ 38
ዓንቀፅ 43 ዝተስዓሩ ሕጊታት፤ ........................................................ 38
ዓንቀፅ 44 ተፈፃምነት እዚ መማሓዳደሪ ደንቢ፤ ........................................ 38

# መእተዊ

መመሓደሪ ደንቢ ህወሓት ካብቶም ውድብና ዝቖመሉምን ንመንነት ውድብና ዝገልፁን መሰረታዊ ዓንድታት ሓደ እዩ፡፡ ስለዝኾነ እውን ካብቲ ካልኣይን ዓንዲ ውድብናን ዝኾነ ፕሮግራምና ዘይተፈለየ ክብደትን ክብርን ዝዋሃቦ እዩ፡፡ መማሓደሪ ደንቢና ኣብ ዙርያ ፕሮግራምና ተወዲብና ናይ ሓሳብን ተግባርን ሓድነት ኣጥሪና ንተግባራዊነት ዕላማ ውድብ ክንቃለስ ዘኽእለና ቁልፊ መሳርሒና እዩ፡፡

እዚ መማሓደሪ ደንቢ ሰፊሕን ናፃን ዝኾነ ዴሞክራሲያዊ ክትዕ ኣካይድና ናብ ዝሓሸ (ዝበለፀ) ሓበራዊ ውሳነ ክንበፅሕ፣ ድሕሪ ምውሳንና ድማ ዝደገፈን ዘይደገፈን ብዘየገድስ ኩሉ ከም ሓደ ኣካል ኮይኑ ሓድነቱ ኣጣናኺሩ ነቲ ናይ ኣብዝሓ ውሳነ ተግባራዊ ንምግባር ብምሉእ ልቢ ክረባረብ ዘኽእል ባህሊ ዴሞክራሲ ዘዕሙቕን ሓድነትና ዘጠናኽርን ሰነድ ውድብና እዩ፡፡

ዴሞክራሲያዊ ኣሰራርሓና መምስ ኩነታቱ ክስተኻኸል ክሰፍሕን ክዓሙቕን ዝግብኦ ህያው ነገር እዩ፡፡ ቅድሚ ተሃድሶ ዲሞክራሲያዊ ኣሰራርሓና ምስቲ ዝተፈጠረ ሓዱሽን ንዲሞክራሲ ዝቐዱን ኩነታት ተዛሚዱ ክስተኻኸል ብዝበለፀ ክሰፍሕን ክዓሙቕን ክግበር እናተገብኦ ብዝተፈላለየ ተፃራሪ ብዝኾነ ምኽንያት እናተዳኸመን እናሃሰሰን መፂኡ፡፡ ከምኡ ስለዝኾነ ድማ ኣብ ውድብና ሓደጋ ምብስባስ ኣብ ምምንጫውን ምግዳድን ዓብይ ተራ ነይሩዎ፡፡

ውድብና ንጉዕዝኡ በብእዋኑ እናገምገመ ካብ ዕውት ስራሕቱን ካብ ጉድለታቱን እናተማህረ ዝኸይድ ውድብ እዩ፡፡ በዚ መሰረት እዚ ቅድሚ ተሃድሶ ሱር እናሰደደ ንዝመፀ ሓደጋ ምብስባስ ካብ ሱሩ ንምምሓውን ውድብና ንምህዳስን ሰፊሕን ቀፃሊን ምንቅስቓስ ይገብር ኣሎ፡፡ እዚ ዲሞክራሲያዊ ኣሰራርሓ ውድብና ንምስፋሕን ንምዕሟቕን ተባሂሉ ተማሓይሹ ቀሪቡ ዘሎ መማሓደሪ ደንቢ ህ.ወ.ሓ.ት ሓደ ውፅኢትን መርኣያን ምንቅስቓስ ተሃድሶ ውድብና እዩ፡፡ ብተወሳኺ ውን ብምኽንያት ምፍራስ ኢ.ህወደግ ህወሓት ምስ ኢ.ህወደግ ዝነበሮ ዝምድና አመልኪቱ ኣብ መማሓደሪ ደንቢ ዝነበሮ ዓንቀፃት ምምሕያሽ አድላይ ብምኻኑ፤ ከምኡ ውን ብመሰረት ሕጊ መረፃ፣ ምዝገባ ፖለቲካ ፓርቲታትን ስነ ምግባር መረፃ ኣብ መማሓደሪ ደንቢ ክካተቱ ዝግበኦም ጉዳያት ንምክታት ተማሓይሹ ኣሎ፡፡

# ምዕራፍ ሓደ፡ ሓፈሻዊ ድንጋገታት

# ርእሲ፣ ሽምን ኣርማን ውድብና

## ዓንቀፅ 1 ርእሲ፤

እዚ መመሓደሪ ደንቢ "ኣብ ቀዳማይ ህፁፅ ውድባዊ ጉባኤ ህወሓት ተማሓይሹ ዝፀደቐ ናይ ህዝባዊ ወያነ ሓርነት ትግራይ (ህወሓት) መመሓደሪ ደንቢ" ተባሂሉ ክጥቀስ ይከኣል፡፡

## ዓንቀፅ 2 ሽም ውድብና፤

ሽም ውድብና "ህዝባዊ ወያነ ሓርነት ትግራይ /ህወሓት/" እዩ፡፡

## ዓንቀፅ 3 ኣርማን ትርጉም ኣርማን ህወሓት፤

1) ኣርማ ህወሓት፤

ኣርማ ህወሓት ብክልቲኡ ገፅ ኣብ ወሰናወሰኑ ዘለላ ስርናይ ኣብ ማእኸሉ ሓወልቲ ኣኽሱም ዘለዎ እዩ፡፡ ኣብ ላዕለዋይ ጫፍ እቲ ሓወልቲ ኮኸብ፣ ኣብ ልዕሊኡ ካብ የማን ናብ ፀጋም ሞደሻ፣ ካብ ፀጋም ናብ የማን ድማ ሽግ ተተራኢሶም ይርከቡ፡፡ ክልቲኡ ታሕተዋይ ጫፋት እቲ ዘለላታት ስርናይ እግሪ ሓወልቲን ብቢጫ ሪባን ዝተጠመሩ ኮይኖም ኣብ ማእኸል እቲ ሪባን ብቀይሕ ቀለም ህወሓት /TPLF/ ዝብል ፅሑፍ ኣለዎ፡፡ ኩሉ እቲ ምልክታት ድማ ኣብ ልዕሊ ቀይሕ መደብ ዝዓለበ እዩ፡፡

2) ትርጉም ኣርማ፤

ሀ. ብክልቲኡ ገፅ ኣብ ወሰና ወሰን ዘሎ ዘለላታት ስርናይን ሞደሻን ናይ ወያናይ ዲሞክራሲ ማሕበራዊ መሰረት ዝኾኑ ሓይልታት ይውክል፣

ለ. ብርሃን ሽግ ናይ ቀፃሊ ጉዕዞና ብሩህነትን ትምህርትን ቴክኖሎጅን የመልክት፣

ሐ. ሓወልቲ ኣኽሱም ናይ ህዝቢ ትግራይ ባህልን ታሪኽን ይውክል፣

መ. ኮኾብ ናይ ህዝብታት ምትእስሳርን ምድግጋፍን የመልክት፣

ረ. እቲ ቀይሕ መደብ ድማ ህዝብና ንዝኸፈሎ መስዋእትን ጅግንነቱን ይውክል፡፡

# ምዕራፍ ክልተ
# ኣባልነት፣ መሰልን ግቡእን ኣባል

## ዓንቀፅ 4 ኣባልነትን ረቛሒታትን፤

ኣባል ህወሓት ውልቀሰብ ወይ ዝተወደበ ኣካል ኮይኑ ነዞም ዝስዕቡ መመዘኒታት ዘማልአ ጥራሕ ይኸውን፡-

1) ኣባል ህወሓት ዝኸውን ውልቀ ሰብ፡-

ሀ. ኢትዮጵያዊ ዜግነት ጥራሕ ዘለዎ ኣብ ውሽጢ ዓዲ ወይ ወፃኢ ዝነብር ተወላዲ ትግራይ፣ ወይ ኣብ ትግራይ ዝነብር ካልእ ኢትዮጵያዊ፣

ለ. ንፕሮግራምን መመሓደሪ ደንቢን ህወሓት ኣሚኑ ዝቕበልን ንተግባራዊነቱ ድማ ዝንቀሳቐስን፣

ሐ. ውድባዊ ተልእኾን መደባትን ኣብ ምትግባር ኣብነታዊ ተራ ዝፃወት፣ ፀረ ፅግዕተኛ ኣረኣእያን ተግባርን ዝቃለስ፣

መ. ፅቡቕ ስነ-ምግባር ዘለዎ፣

ረ. ኣብ ሓዲኡ ውዳበታት ህወሓት ተጠርኒፉ ንምስራሕ ዝወሰነ፣

ሰ. ብመሰረት ማእኸላይ ኮሚቴ ዘውፅኦ መምርሒ ናይ ኣባልነት ክፍሊት ንምኽፋል ቅቡል ዝገብር፣

ሸ. ዕድሚኡ 18 ዓመት ወይ ካብኡ ንላዕሊ ዝኾነ፣

ቀ. ኣብ ፖለቲካ ከይሳተፍ ብሕጊ ዘይተኣገደ፣

በ. ኣባል ህወሓት ንምዃን ፍቓደኛ ዝኾነ፣

2. ኣባል ህወሓት ዝኾን ኣካል፡-

ሀ. ዕድሚኦም ካብ 15 ክሳብ 29 ዓመት ዝኾኑ መናእሰይ ብኣባልነት ዝሓቖፈ፣ ፕሮግራምን ኣማራርሓን ህወሓት ዝተቐበለን ኣባል ንምዃን ፍቓደኛ ዝኾነን ሊግ መናእሰይን፣

ለ. ዕድሚአን 18 ዓመትን ልዕሊኡን ዝኾና ደቂ ኣንስትዮ ብኣባልነት ዝሓቖፈ፣ ፕሮግራም፣ ኣመራርሓን ህወሓት ዝተቐበለን ኣባል ንምዃን ፍቓደኛ ዝኾነን ሊግ ደቂ ኣንስትዮን፣

ከም ኣካል ኣባላት ህወሓት ይኾኑ፡፡

## ዓንቀፅ 5 ምልመላ ኣባላት፤

1. ኣግባብ ኣመላምላ ውልቀ ኣባል፦
   ሀ. ፕሮግራምን መመሓደሪ ደምቢን ህወሓት ፈሊጡ፣ ኣሚኑ፣ ነዚኦም ኣኽቢሩ ንምትግባር ድልውነቱ ዘረጋገፀ ውልቀ ሰብ ኣባል ህወሓት ንክኸውን ዝኾነ ኣባል ወይ ኣካል ብሕፁይነት ክምልምሎ ይኽእል፣
   ለ. ናይ ምምልማልን ምውሳንን ስልጣን ዘለዎም ኣካላት ነቲ ዝቐረበ ሕቶ መርሚሮም እቲ ውልቀሰብ ብሕፁይነት ንምምልማል ዝበቅዕ ምዃኑ እንተረጋጊፆም ብሕፁይ ኣባልነት ክምልምሉዎ ይኽእሉ እዮም፣
   ሐ. ሓደ ሕፁይ ካብታ ሕፁይ ዝኾነላ ጊዜ ጀሚሩ ናይ ሕፁይ ማህደር ብምምላእን ብዝምልከቶ ብምፍራምን ክትትል ክግበረሉን ኣብ ውዳበ ኣትዩ ክንቀሳቐስን ይግባእ፣
2. እዋን ሕፀ፦
   ሀ. እዋን ሕፀ ማለት ሓደ ሕፁይ ኣባል፤ ምሉእ ኣባል ንምዃን ዘድልዩ ብቕዓት ኣተሓሳስባን ተግባርን ዘለዎ ምዃኑ ዝረጋገፀሉ፣ እቲ ሰብ ብፖለቲካ ዝህነፀሉን ንሙሉእ ኣባልነት ዝበቕዐሉን መሰጋገሪ እዋን እዩ፣
   ለ. ናይ ሓደ ሕፁይ እዋን ሕፀ ትሽዓተ ወርሒ ዝወስድ ይኸውን፡፡ መሰረታዊ ውዳበ ምንዋሕ ሕፀ ኣድላይ ኮይኑ እንተረኺብዎ ክናውሕ፣ ዘይብቑዕ ኮይኑ እንተረኺብዎ እውን ካብ ሕፁይ ኣባልነት ክስርዝ ይኽእል፣
   ሐ. ሓደ ሕፁይ ኣባል ኣብ ዝቐርበሉ ገምጋምን ነቐፌታን፣ ኣብ ፀብፃቡን ቂርታ እንተሊኡዎ ስምዕትኡ ናብ መሰረታዊ ውዳበ ክቕርብ መሰል ይህልዎ፡፡
3. ካብ ሕፁይ ናብ ሙሉእ ኣባልነት ምስግጋር፦
   ሀ. ሓደ ሕፁይ ኣባል፤ ግዘ ሕፀ ምስ ወደአ ናብ ሙሉእ ኣባል ንምስግጋር ፀብፃቡ ስልጣን ናብ ዘለዎ ኣካል ቀሪቡ ክግምገም ኣለዎ፣
   ለ. እቲ ሕፁይ ሙሉእ ኣባል ህወሓት ንምዃን ዘኽእልዎ ረቛሒታት ብሙሉኦም ዘማልአ ምዃኑ ብጭቡጥ እንተተረጋጊፁ፣ ነቲ ሕፁይ ኣባል ናብ ሙሉእ ኣባል ክሰጋገር ይግበር፣

ሐ. ናብ ሙሉእ ኣባልነት ዝተሰጋገረ ሰብ ካብታ ሙሉእ ኣባል ዝኾነላ እዋን ጀሚሩ ናይ ሙሉእ ኣባል ውልቃዊ ማህደርን ካርዲ መለለይ ኣባልነትን ይህልዎ፣

4. ኣግባብ ኣቀባብላ፣ ኣባልነትን ኣቃውማን ሊግ መናእሰይን ሊግ ደቂ ኣንስትዮን ማእኸላይ ኮሚቴ ብዘውፅኦ መምርሒ መሰረት ይውሰን፡፡

## ዓንቀፅ 6 መሰል ኣባላት፤

1) **ንሕፁያትን ሙሉኣትን ኣባላት ብሓባር ዝረጋገፁ መሰላት፡-**

ሀ. ኣብ መድረኻትን ልሳናትን ውድብ ነፃ ኮይኖም ሓሳቦም ናይ ምቕራብ፣

ለ. ኣብ ፕሮግራምን ስትራተጂን ህወሓት ከምኡ እውን ኣብ መመሓደሪ ደንቢ ሕጋዊ መንገዲ ተኸቲሎም ዘለዎም ርእይቶ ከቕርቡ፣ ሕቶኦም ክበርሃሎምን ኣረኣእየኦም ንኽስተኻኸሉን እኹል ደገፍ ናይ ምርካብ፣

ሐ. ብመሰረት ናይ ህወሓት መመሓደሪ ደንቢን ናይ ኣሰራርሓ መምርሒታትን ኣብ ዝተወሰኑ ውሳነታት ዝተፈለየ ሓሳብ ዘለዎም ኣባላት ኣብ ሕጋዊ መድረኻት ሓሳቦም ናይ ምቕራብን ውሳነታት ብሕጋዊ መንገዲ ንክልወጥ ናይ ምፅዓርን፣

መ. ዝኾነ ኣባል ወይ ኣካል ህወሓት ሕቶ፣ ርእይቶን ነቐፌታን ከቕርብ፣ ንዝቕረቡ፣ ሕቶ፣ ርእይቶን ነቐፌታን ድማ ብእዋኑ መልሲ ናይ ምርካብ፣

ረ. ኣብ ዝደለዮ እዋን ካብ ሕፁይነት ወይ ምሉእ ኣባልነት ናይ ምቁራፅ፣

ሰ. ኣፈፃፅምኡ ማእኸላይ ኮሚቴ ብዘውፅኦ መመርሒ ዝውሰን ኮይኑ፣ ብዕድመ ወይ ብምኽንያት ሽግር ጥዕና ናይ ኣባልነት ግቡእን ተልእኾታትን ክፍፅም ዘፅገም ኣባል ብኽብሪ ናይ ምስንባት፣

ሸ. ኣብ ውድብ ዝነበሮ ተሳትፎ ዝገልፅ ወረቐት ምስክርነትን መረዳእታን ናይ ምርካብ፣

መሰላት ይህልውዎ፣

2) **ንሙሉኣት ውልቀ ኣባላት ውድብ ጥራሕ ዝረጋገፁ መሰላት፡-**

ሀ. ኣብ ውድብ ኣብ ዝካየዱ መረፃታት ብመሰረት ናይ ህወሓት መመሓደሪ ደንቢን ናይ ኣሰራርሓ መምርሒታትን፣ ክመርፁን ክምረፁን፣

ለ. ኣብ ኩሎም ዓይነት ዝውሰኑ ውሳነታትን መረፃታትን ኩሎም ኣባላት ማዕረ ድምፂ ይህልዎም፤ ብድምፂ ኣብ ዝውሰኑ ውሳነታት ብመሰረት ናይ ህወሓትመመሓደሪ ደንቢን ናይ ኣሰራርሓ መምርሒታትን ብድምፂ ክሳተፉ፣

ሐ. ብመሰረት ናይ ህወሓት መመሓደሪ ደንቢን ናይ ኣሰራርሓ መምርሒታትን ፖለቲካዊ ኣፈላላዮም ናብ ኣካላት ውድብ ብምዝርጋሕ ኣጀንዳ ኮይኑ ውድብ ለኸ ክትዕ ክግበረሉን ህፁፅ ጉባኤ ክፅዋዕን ምሕታት፣ ዝርዝሩ ብመምርሒ ይውሰን፣

መ. ኣባላት ኣብ ማህደሮም ዝሰፍር ገምጋምን ውሳነን ብሙሉኡ ክፈልጡ፣ ኣብቲ ገምጋምን ውሳነን ዘለዎም ርእይቶ ዕሒፎም ኣብቲ ማህደር ሓቢሩ ክሰፍር ክገብሩ፣ ንሳቶም ዘይፈልጥዎ ነገር ድማ ኣብ ማህደሮም ክሰፍር ክልኩል ይኽውን፣

ረ. ምደብኦም፣ ዝውውሮም፣ ስልጠነኦምን ቅፅዓቶምን ወዘተ ብመሰረት ናይ ህወሓት መሓደሪ ደንቢን ናይ ኣሰራርሓ መምርሒታት ጥራሕ ዝተፈፀመ ምዃኑ ክረጋገፁ፣ ካብዚ ወፃኢ ዝተፈፀመ ተግባር ኣሎ ኢሎም እንተኣሚኖም ክስን ጥርዓንን ናብ ኣካላት ኣመራርሓ ወይ ናብ ኣካላት ኮሚሽን ቁፅፅር ክቕርቡ፣

ሰ. ንዘቕረቡዎ ሕቶ ወይ ርእይቶ፣ ጥርዓን፣ ክሲ ብሰነድ ዝተደገፈ እዋናዊ መልሲ ክረኽቡ፣ ብዝተዋህቦም መልሲ እንተዘይዓገቦም ክቃወሙ ወይ ይግብኣኒ ክብሉ መሰል ኣለዎም፣

3) **ንሊግ መናእሰይ ወይ ንሊግ ደቂ ኣንስትዮ ዝረጋገፅ መሰል፡-**

ሀ) ንናይ ህወሓት መሰረታዊ ናይ ኣሰራርሓ መትከላት ዘይፃረር ደንቢ ወይ መምርሒ ምውፃእን ብነፃ ናይ ምንቅስቓስን፣

ለ) ካብ ላዕሊ ክሳብ ታሕቲ ዝወረደ ኣወዳድባ ምህላው፣

ሐ) ማእኸላይ ኮሚቴ ህወሓት ብዘውፅኦም ፖሊሲታትን መደባትን መሰረት ናይ ባዕሉ መደብ ሓንፂፁ ናይ ምንቅስቓስ፣

መ) ዝርዝር ኣፈፃፅምኡ ማእኸላይ ኮሚቴ ህወሓት ብዘውፅኦ መምርሒ ዝውሰን ኮይኑ ኣብ ውድባዊ ጉባኤ ህወሓት፣ ኣብ ኣኼባታት ማእኸላይ ኮሚቴ፣ ኮሚቴ ፈፃሚ ስራሕን ካልኦት በብደረጅኡ ዘለው ናይ ውድብ ኣካላት ኣመራርሓን ከም ኣካል ወኪልካ ናይ ምስታፍ፣

ረ) ኣብ መደባት፣ ኣሰራርሓታትን ተግባራትን ህወሓት ወዘተ ሓሳብ ናይ ምሃብ፣ ነቐፌታ ናይ ምቕራብ፣ መልሲ ናይ ምርካብን መሰል ኣለዎም፡፡

## ዓንቀፅ 7 ግቡእ ኣባላት፤

1) **ግቡእ ውልቀ ኣባላት፡-**

ሕፁያትን ሙሉኣትን ኣባላት ዝስዕቡ ናይ ሓባር ግቡኣት ይህልውዎም፡-

ሀ) ፕሮግራም፣ ስትራተጅታትን መመሓደሪ ደንቢን ህወሓት ናይ ምኽባር፣ ተግባራዊ ናይ ምግባርን ህዝቢ ንክኣምነሎም ብኹሉ ዓቕሞም ናይ ምንቅስቓስን፣

ለ) ብመሰረት ናይ ህወሓት መመሓደሪ ደንቢን ናይ ኣሰራርሓ መምርሒታትን፤ ብዝምልከቶም ኣካላት ዝውሰኑ ውሳነታት ምኽባርን ብጥብቂ ምፍፃምን፣

ሐ) ኣብ መሰረታዊ ናይ ፕሮግራምን መመሓደሪ ደንብን ጉዳያት ዝተፈለየ ሓሳብ ሒዝካ ብኣባልነት ምቕፃል ኣይከኣልን፡፡ ንዝተፈለየ ሓሳብካ ካብ ሕጋዊ መድረኽ ናይቲ ውድብ ወፃኢ ምዝርጋሕ፣ ውሳነታት ውድብ ምዕራርን ምዕንቃፍን፣ ከም ፀረ ውድብ ጉጅላዊ ምንቅስቓስ ዝሕሰብ ይኸውን፣

መ) ካብ ሕፁይ ወይ ሙሉእ ኣባልነት ዝተሰናበተ ወይ ዝተኣገደ ኣባል፣ ንህወሓት ወኪሉ ዝሓዞ ሓላፍነት ክልዓል፣ ዝሓዞ ናይ ውድብ ንብረት እንተሃልዩ ከረክብ ዘለዎ ኮይኑ፣ ከምኡ እውን ኣብ ዝኾነ መድረኽ ንህወሓት ወኪሉ ክቐርብ ኣይኽእልን፣

ረ) ድሕንነት ውድብ ናይ ምሕላው፣ ንውድብ ካብ ናይ ውሽጥን ወፃኢን ተፃባእቲ ናይ ምክልኻል፣

ሰ) ናይ ህወሓት ፕሮግራም፣ መመሓደሪ ደንቢን ናይ ኣሰራርሓ መምርሒታትን ተጣሒሶም ኢሉ እንተኣሚኑ ኣብ ሕጋዊ መድረኽ ናይ ምቅዋም፣

ሸ) ሰብኣዊን ዴሞክራሲያዊን መሰል ዜጋታትን ህዝብታትን፣ ልዕልነት ሕግን ብጥብቂ ናይ ምኽባርን፣ እዚኦም ብዝኾነ ኣካል ወይ ውልቀ ሰብ እንትጣሓሱ ብጥብቂ ናይ ምቅዋምን፣

ቀ) ዝኾነ ኣባል ኣብ ዝተዋፈረሉ ዓውደ ስራሕን ዝወሃብ ተልእኾን፤ ብተግባር መሪሕ ብምኧንን ኣብነታዊ ተርኡ ብምፅዋትን ብቕንዕናን ብተኣማንነትን ናይ ምፍፃም፣

በ) ዝኾነ ኣባል ንምንቅስቓሳት ሰላም፣ ዴሞክራስን ልምዓትን ዘዕንቅፉ ኣረኣእያታትን ተግባራትን ብዲሞክራሲያዊ መንገዲ ብፅንዓት ናይ ምቅላስ፣

ተ) ካብ ዘይመትከላዊ ምትእስሳራት፣ ምጥቕቓምን ምጥቕቓዕን ናፃ ምዃን፣ ዘይመትከላዊ ምትእስሳራት፣ ምጥቕቓምን ምጥቕቓዕንማለት፡-

i. ካብ ጭቡጥ መትከላዊ መለክዒ ወፃኢ ብምትእስሳር ውልቃዊ ጥቕሚ ደጊፍካ ብሓባር ምክልኻል፣ ንዘይትደልዮን ይጎድኣኒ እዩ ኢልካ ንትግምቶን ድማ ሓቢርካ ምጥቃዕ ወይ፣

ii. ካብ ስሩዕ መድረኽ ወፃኢ ንእከለ ምረፁ፣ ንእከለ ኣይትምረፁ እናበልካ ምጉስጓስ፣ ዘጠቓልል ኮይኑ ዘይወያናይን ዘይመትከላዊን ዝምድናታት ስለዝኾነ ፍፁም ዝተኸልከለ እዩ፡፡

ቸ) ንዓልየትነት፣ ከባቢያውነትን ፅንፋዊነትን ናይ ምቅላስ፣

ነ) ናይ ኣባልነት ወርሓዊ ክፍሊት ናይ ምኽፋል፡-

1) ናይ ኣባልነት ወርሓዊ ክፍሊት ብገንዘብ ይኸውን፣ መጠን ወርሓዊ ክፍሊት፣ ግዜን ኣገባብ ኣከፋፍላን ማእኸላይ ኮሚቴ ብዘውፀኦ መምርሒ ይውሰን፡፡
2) ገንዘብ ናይ ወረቐት ገንዘብ፣ ሳንቲም፣ ከምጥረ ገንዘብ ዝቁፀሩ ሰነዳትን፣ ብባንኪ ዝተረጋገፀ ቸክ 'ውን የጠቓልል፣
3) ማእኸላይ ኮሚቴ ወርሓዊ ክፍሊት ብዓይነት ክኸውን ምውሳን ይኽእል፡፡

ኘ) ዝኾነ ኣባል ንምንቅስቓሳት ብማእኸላይ ኮሚቴ ዝውሰን ምድንፋዕ እቶት፣ ብዓይነት ዝግበር ወፈያ፣ ተለዋጢ ስራሕቲ ማእቶት ዝመሳሰሉን ኣብነት ኮይኑ ናይ ምስታፍ ግቡእ ኣለዎ፡፡

## 2) ግቡእ ሊግ መናእሰይ

ሀ) ፕሮግራም፣ ስትራተጅታት፣ ፖሊሲታት፣ መርገፅታትን ውሳነታትን ህወሓት ምኽባርን ንተግባራዊነቶም ብፅንዓት ምቅላስን፣

ለ) ዕድሚኦም ካብ 15 - 29 ዝኾኑን ፕሮግራምን ዕላማታትን ወያናይ ዲሞክራሲ ዝተቐበሉን መናእሰይ ትግራይ ናይ ምውዳብ፣

ሐ) መናእሰይ ትግራይ ብቑዓት ተረከብቲ ሃገር ንክኾኑ፣ ዕቡቕ ወያናይ ስነ ምግባር ዘለዎም፣ ፈጠርቲ ስራሕን ተጠቀምትን ንክኾኑ፣ ብወያናይ

ዲሞክራሲያዊ ኣተሓሳስባን ተግባርን ንክህነፁ ብፅንዓት ናይ ምቅላስ፣ ግቡእ ኣለዎ፡፡

3) ግቡእ ሊግ ደቂ ኣንስትዮ፤

ሀ) ፕሮግራም፣ ስትራተጅታት፣ ፖሊሲታት፣ መርገፅታትን ውሳነታትን ህወሓት ምኽባርን ንተግባራዊነቶም ብፅንዓት ምቅላስን፣

ለ) ደቂ ኣንስትዮ ትግራይ ካብ ዝኾነ ይኹን ጭቆና ክላቐቓ ከም መሳርሒ ቃልሲ ኮይኑ ናይ ምግልጋል፣

ሐ) ደቂ ኣንስትዮ ትግራይ ፆታዊ ትምክሕትን ትሕትነትን ዝቃለሳሉ፣ ተሳትፎአን፣ ማዕርነተንን ተጠቃምነተንን ዘረጋግፃሉ መሳርሒ ቃልሲ ኮይኑ ናይ ምግልጋል፣ ግቡእ ኣለዎ፡፡

# ምዕራፍ ሰለስተ
# መትከላት ኣወዳድባን ኣሰራርሓን ህወሓት

## ዓንቀፅ 8 መትከላት ኣወዳድባን ኣሰራርሓን ህወሓት፤

መትከላት ኣወዳድባን ኣሰራርሓን ህወሓት፡-

1) ሓበራዊ ኣሰራርሓን ውልቃዊ ሓላፍነትን ንምርግጋፅን ናይ ኣራኣእያን ተግባርን ሓድነት ኣባላት ንምፍጣርን ዘኽእሉ፣
2) ንጡፍ ተሳትፎ ኣባላት ዘስፍኑን፣ ግልፅነትን ተሓታትነትን ዘረጋግፁን፣
3) ንጉድለታት ብዴሞክራሲያዊ ምይይጥ፣ ገምጋምን ነቐፌታን ንምስትኽኻል ዝሕግዙ፣
4) ልዕልና ብዙሓትን መሰል ውሑዳትን ንምርግጋፅ ዝጠቕሙ፣ እዮም፡፡

## ዓንቀፅ 9 ኣወሃህባ ውሳነታት፣ ኣተኣላልያ ውሽጣዊ ዘይምርድዳእን ተሓታትነትን

1) ኣካላት ኣመራርሓን ውዳባታትን ውሳነ ቅድሚ ምውሳኖም ኣባላት እቲ ኣካል ነፃን እኹልን ክትዕ ምክያዶምን ሰፊሕ ተሳትፎ ምህላዉን ከረጋግፁ ይግባእ፣ ውሳነ ዝውሰን ድማ ድሕሪ ሰፊሕ ተሳትፎን ክትዕን ይኸውን፣
2) ኣካላት ኣመራርሓን ውዳባታትን ስሩዕ ኣኼባታቶም ኣብ ዝተመደበሉ እዋን የካይዱ፣
3) ኣካላት ኣመራርሓን ውዳባታትን ቅድሚ ኣኼባ ምክያዶም መበገሲ ኣጀንዳ ዝኸውን ፅሑፋትን ከከም ኩነታቱ ናይ ውሳነ ሓሳብን ኣቐዲሞም ናብ ኣባላት እቲ ኣካል ክዝርግሑ ይግባእ፣
4) ኣካላት ኣመራርሓን ውዳባታትን ቃለ ጉባኤ ኣኼበኦም ብግቡእ ክሕዙ፣ ውሳነታቶም ብስሩዕን ብፅሑፍን ከፅድቑ፣ ኣብቲ ውሳነ ድማ ወሃብቲ ውሳነ ዝኾኑ ኣባላት ክታሞም ክንብሩ ኣለዎም፣
5) ምልኣተ ጉባኤ ኩሎም ኣካላት ህወሓት 50%+1 ኣባላት ናይቲ ኣካል ዝተረኸቡሉ ይኸውን፡፡ ብሞት ወይ ኮነ ኢሉ ብምትራፍ፣ ወይ ካብ ሓላፍነት ብምውራድን ምእጋድን፣ ካብቲ ኣካል ዝተፈለዩን ዘይተተክኡን ኣባላት፤ ኣብቲ ምልኣተ ጉባኤ ንምርግጋፅ መበገሲ ዝግበር ቁፅሪ ኣይሕወሱን፣ 50%+1 ኣባል ምህላዉ ዝረጋገፅ ንዓኣቶም ካብቲ ቁፅሪ ወፃኢ ብምግባር ይኸውን፣
6) ሓደ ኣካል ኣመራርሓን በብደረጅኡ ዘሎ ኮሚሽን ቁፅፅርን ልዕሊ ሲሶ ኣባላቱ ብዝኾነ ምኽንያት ካብ ኣባልነት ወፃኢ እንተኾይኖም ኣብ ውሽጢ ክልተ ወርሒ ነቶም ዝጎደሉ ኣባላቱ ብሕጋዊ ኣገባብ ክትክኦም ይግባእ፣ ንኣባላቱ ብሕጋዊ ኣገባብ ክሳብ ዝትክእ ድማ ሕጋዊ መሪሕነት ሒዙ ይቕፅል፣
7) ዝኾነ ኣባል ምልኣተ ጉባኤ ምእንቲ ከይረጋግፅ ኢሉ ወይ ብዘለዎ ናይ ሓሳብ ኣፈላላይ ኮነ ኢሉ ካብ ናይ ኣካሉ ኣኼባ ክተርፍ ወይ ኣኼባ ረጊፁ ክወፅእ ክልኩል እዩ፡፡ በዚ መንገዲ እዚ ምልኣተ ጉባኤ ክሰናኸል ዝገበረ ወይ ኣኼባ ረጊፁ ዝወፀ ኣባል በዚ ተግባር እዚ ጥራሕ ንባዕሉ ካብ ኣባልነት ከምዘሰናበተ ተገይሩ ይውሰድ፣ ኣብ ምፅብፃብ ቁፅሪ ምልኣተ ጉባኤ እውን ኣይኣቱን፣
8) ብመሰረት ኣብ ንኡስ ዓንቀፅ 7 ዝተጠቐሰ ካብ ኣባልነት ከምዝተሰናበተ ተቖፂሩ ዝተወገደ ኣባል፤ ቅኑዕን ልባዊን ዓርሰ ነቐፌታ ገይሩ ንኽምለስ

ብፅሑፍ እንተሓቲቱን በቲ ኣካል ተቐባልነት እንተረኺቡን ቅፅዓቱ ክለዓለሉን ክምለስን ይኽእል እዩ፣

9) ኣብዚ መማሓደሪ ደንቢ ብፍሉይ ዝተጠቕሰ ክምዘለዎ ኮይኑ ኩሎም በብደረጅኡ ዘለው ኣካላት ኣመራርሓ ዘመሓላልፍዎ ውሳነ ምልኣተ ጉባኤ ኣብ ዝተረጋገፀሉ ኣኼባ ልዕሊ ፍርቂ (50%+1) ድምፂ እንትረክብ ጥራሕ እዩ፣ ካብዚ ወፃኢ ዝውሰን ሕጋዊነት ኣይብሉን፣

10) ብሕጋዊ መንገዲ ንዝተወሰነ ውሳነ፤ ኣባላት እቲ ዝወሰነ ኣካል ኩሎምን ትሕቲኡ ዘለው ኣካላትን ኣባላትን ብጥብቂ ክትግብርዎ ግድን ይኸውን፣

11) ኣካላት ኣመራርሓን ውዳባታትን ንዝወሰንዎ ውሳነ ክም ኣካላት መጠን ተሓተትቲ ይኾኑ፡፡ ነቲ ውሳነ ዝደገፉ ኣባላት ኣብ ርእሲ ሓበራዊ ተሓታትነቶም ብውልቂ እውን ተሓተቲ እዮም፣

12) በብደረጅኡ ዘለው ኣካላት ኣመራርሓ ተፀዋዕነቶም ንዝመረፆም ወይ ብልዕሊኦም ንዘለዉ ኣካላት ኣመራርሓ ይኸውን፣

13) ሓደ ኣካል ኣመራርሓን ውዳበን ዝውስኖ ውሳነ ዝሰዓር በቲ ውሳነ ዝወሰነ ኣካል ወይ ብልዕሊኡ ብዘሎ ኣካል ኣማራርሓ ጥራሕ ይኸውን፣

14) ሓደ ኣካል ኣመራርሓን ውዳበን ንዝወሰኖ ውሳነ ዳግም ክርኢ ዝኽእል ካብ ኣባላቱ ልዕሊ ፍርቂ ዳግም ንክረአ እንተሓቲቶም ጥራሕ እዩ፣ እቲ ውሳነ ዝቕየር ድማ ብኽልተ ሲሶ ድምፂ ኣባላቱ እንትድገፍ ይኸውን፣

15) ኣባላት ሓደ ኣካል ኣመራርሓን ውዳበን እቲ ውሳነ ዳግም ንክርአ ክሓቱ ዝኽእሉ ኣብ ሕጋዊ መድረኻትን በብውልቆምን ይኸውን፣ ተጎጂልካ ዝቐርብ ጥርዓን ወይ ሕቶ ክልኩል ይኸውን፣ ኣብ ሕጋዊ መድረኻት ህወሓት ንዝለዓሉን ክለዓሉ ንዝኽእሉን ጉዳያት ንምርኣይ ብሕጊ ካብ ዝተጣየሸ ኣካል ወይ ውልቀ ሰብ ወፃኢ ዝግበር ግሉፅ ይኹን ሕቡእ ምትእኽኻብ ጉጅለ ተባሂሉ ይፅዋዕ፡፡ ክምዚ ዓይነት ጉጅላዊ ምትእኽኻብ ብጥብቂ ዝተኸልከለ ይኸውን፣

16)ኣብ ውሽጢ ውድብ ዝኾነ ይኹን ዘይምርድዳኣት እንትፍጠር በዚ መመሓዳደሪ ደንቢ ብዝተቐመጡ ኣተኣላልያ መትከላትን ጉዳይ ኣተኣላልያ ስርዓትን ይፍታሕ፣

17) ኣብዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ 16 ብዝተቐመጠ ምእላይ እንተዘይተኻኢሉ ብሃገራዊ ሕጊ መረፃ፣ ናይ ፖለቲካ ፓርቲ ምዝገባን ስነ ምግባር መረፃን ብዘቐመጦ ሕግን ስርዓትን ይፍታሕ፡፡

## ዓንቀፅ 10 መረፃን ኣካይዳ መረፃታትን፤

1) ንዝኾነ ኣካል ኣመራርሓ ዝግበር መረፃ ብግልፂ፣ ነፃ፣ ፍትሓውን ሚስጥራውን መንገዲ ይኸውን፣
2) ንሓላፍነት ኣብ ዝግበር ውድድር ፆታዊ ዝንቕ ኣብ ግምት ዘእተወ ይኸውን፣
3) ኩሎም መረፅቲ ማዕረ ድምፂ ይህልዎም፣ መረፅቲ መንነት ተመረፅቲ ኣመልኪቱ መብርሂ ክሓቱን ክረኽቡን መሰሎም ይኸውን፣
4) መረፅቲ ንመረፃ ንዝተሓፀየ ሰብ ክቃወሙ ወይ ክድግፉ እንትደልዩ ተቓውሞኦምን ደገፎምን ኣብቲ መድረኽ ጥራሕ ክቕርቡ ይግባእ፣
5) መረፅቲ ብዛዕባ ሕፁያት ተመረፃቲ ዘቕርብዎ ደገፍ ይኹን ተቃውሞ ኣብ ሓቂ ዝተመስረተ ክኸውን ይግባእ፣
6) ሕፁይ ተመራፃይ ኣብ መድረኻት መረፃ ንዝቐርበሉ ሕቶን ተቃውሞን ምላሽ ክህብን ንባዕሉ ክፋልጥን መሰል ኣለዎ፣
7) ሕፁያት ተመረፅቲ ክኾኑ ይኽእሉ እዮም ተባሂሎም ንዝግመቱ ሰባት ካብ ሕጋዊ መድረኽ ወፃኢ ምድጋፍ ይኹን ምቅዋም፣ ብዕሊ ይኹን ብዘይዕላዊ መንገዲ ብዝኾነ ዓይነት መራኸቢ ሓፋሽ ሓዊሱ ጎስጓስ ምክያድ ክልኩል እዩ፡፡ ከምዚ ዓይነት ምንቅስቓስ ከም ጉጅላዊ ምንቅስቓስ ተገይሩ ድማ ይውሰድ፣
8) ሓደ ሰብ ሕፁይ ተመራፂ ዝኸውን ካብቶም መረፅቲ ሲሶ ድምፂ ደገፍ ምስ ረኸበ እዩ፣
9) ኣብ መረፃታት ተመረፅቲ ኮይኖም ዝሓልፉ እቶም ዝለዓለ ድምፂ ዝረኸቡ ኮይኖም፤ ተመረፅቲ በቲ ዝረኸብዎ ድምፂ መሰረት ብቐደም ሰዓብ ይስርዑ፡፡ እቶም ዝለዓለ ድምፂ ዝረኸቡ ኣቐዲሞም እናሓለፉ እቲ ዝድለ ቁፅሪ ተመረፅቲ ምስ መልአ እቶም ዝተረፉ ተወዳደርቲ ኣብቲ መረፃ ከም ዝተሳዕሩ ይቑፀሩ፣
10) መረፃ ኣባላት ኣማራርሓ ብምስጢር ዝካየድ ይኸውን፣
11) ኣብ ከይዲ መረፃ ዘይኮነ መረዳእታ ምቕራብን ኣሉታዊ ፅዕንቶ ዝፈጥር ምንቅስቓሳት ምክያድን ብጥብቂ ዝተኸልከለ እዩ፣

12) ኣብ ኩሎም መረፃታት እቲ መራፃይ ኣገላቢጡ ንምምራፅ ዘኽእሎ እኹል ቁፅሪ ሕፁያት ተወዳደርቲ ክህሉ ክግበር ኣለዎ፣
13) መረፃታት እኹል ጊዜ ተዋሂቡዎም ዝካየዱ ይኾኑ፡፡

## ዓንቀፅ 11 ገምጋምን ምንቕቓፍን፤

1) ገምጋም ውድብና ካብ እወንታዊን ኣሉታዊን ተሞክሩኡ ዝመሃረሉ ቀዋሚ ኣሰራርሓ እዩ፡፡ ኩሎም ኣካላት ውድብ መደብ እንተውፅኡ ንሕሉፍ ኣፈፃፅማ መደቦም ብግቡእ ክግምግሙ ኣለዎም፣
2) ገምጋም ኣብ እኹል መረዳእታን ፀብፃብን ተመስሪቱ ዝዳሎ መበገሲ ሓሳብ ተሞርኲስካ ዝፍፀም ይኸውን፣
3) ገምጋም ንስራሕ እምበር ንሰባት ማእኸል ገይርካ ዝፍፀም ኣይኸውንን፡፡ መድረኻት ገምጋም ስራሕ ከም ኩሎም ኣኼባታት ውድብ ዲሞክራሲያዊ መንፈስ ዝዓሰሎም ክኾኑ ኣለዎም፣
4) ነቐፌታ ኣብ ኣባላትን ኣካላትን ዝራኣዩ ጉድለታት ንምስትኽኻል ተባሂሉ ዝካየድ ቀዋሚ ኣሰራርሓ ውድብና እዩ፣
5) ኣባላትን ኣካላትን ሕሉፍ መደቦም ድሕሪ ምግምጋም ብስሩዕ ክነቓቐፉ ኣለዎም፡፡

## ዓንቀፅ 12 መቕፃዕቲ፤

1) ዕላማ መቕፃዕቲ ዕሬት ውድብ ንምርግጋፅ፣ ፖለቲካዊ ህንፀትን ድስፕሊንን ኣባላት ንምድጋፍ ይኸውን፣
2) ፅርየት ውድብ፣ ብቕዓትን ስነ-ስርዓትን ኣባላት ንምሕላው እቲ ቀንዲ መሳርሒ ገምጋምን ነቐፌታን እዩ፣ መቕፃዕቲ ነዚ ከም ተደራቢ፣ ሓጋዚን መሳርሒን ኮይኑ የገልግል፣
3) ደረጃታት መቕፃዕቲ ብቕደም ሰዓብ ካብ ቀሊል ናብ ከቢድ ከምዝስዕብ ይኸውን፡-

ሀ. ቀሊል መጠንቀቕታ

ለ. ከቢድ መጠንቀቕታ

ሐ. ምንዋሕ ግዘ ሕፀ ኣባል

መ. ካብ ሕፁይነት ምብራር

ረ. ሙሉእ ኣባል ናብ ሕፁይ ኣባልነት ምውራድ

ሰ. ካብ ሓላፍነት ንተወሰነ ግዜ ምእጋድ

ሸ. ካብ ሓላፍነት ምውራድ

ቀ. ካብ ኣባልነት ንዝተወሰነ ግዜ ምእጋድ

በ. ካብ ኣባልነት ምብራር

4) መቕፃዕቲ ብመሰረት ናይ ህወሓት መመሓደሪ ደንቢን ናይ ኣሰራርሓ መምርሒታትን ብኮሚቴ ዲስፕሊን ተፃርዩ ቅፅዓት ናይ ምውሳን ስልጣን ብዝተዋህቦ ኣካል ጥራሕ ይውሰን፣

5) ዝቕፅዑ ኣባላት ዝቐረበሎም ክሲ ክፈልጡ፣ ጥፍኣት ኣይፈፀምናን ዝብሉ እንተኾይኖም ድማ ዘድሊ መረዳእታ ከቕርቡ መሰል ኣለዎም፣

6) ሓደ ኣባል እንትቕፃዕ እቲ ዝቐረበሉ ክሲ፣ ዝተወሰነሉ ቅፅዓትን መንነት ዝወሰኖ ኣካልን ብፅሑፍ ዝርዝር መረዳእታ ክቐርበሉ ኣለዎ፣ ቅዳሕ እቲ ፅሑፍ ኣብ ማህደር እቲ ኣባል ክቕመጥ ኣለዎ፡፡ ቅፅዓት እተወሰነሉ ኣባል ብፅሑፍ ርእይቶኡ እንትቕርብ ርእይቶኡ ኣብ ማህደሩ ክቕመጥ ናይ ምግባር መሰል ኣለዎ፣

7) ዘይግቡእ ቅፅዓት ተወሲኑኒ ዝብል ኣባል፣ ብመሰረት ኣብ ናይ ህወሓት መመሓደሪ ደንቢን ናይ ኣሰራርሓ መምርሒታትን ዝተቐመጠ ስርዓት ክቃወምን ክኸስስን መሰል ኣለዎ፣

8) ዝኾነ ኣባል ኣብ ሓደ ኣባል ዝተወነ ቅፅዓት ዘይግቡእ እዩ ኢሉ እንተኣሚኑ፣ ነቲ እተቐፅዐ ኣባል ኣፍቂዱ ኮነ ከየፍቀደ ብመሰረት ኣብ ናይ ህወሓት መመሓደሪ ደንቢን ናይ ኣሰራርሓ መምርሒታትን ዝተቐመጠ ስርዓት ክቃወምን ክኸስስን ግቡእን መሰልን ኣለዎ፣

9) ቅፅዓት ብተናፀል ወይ ብድምር ክውሰን፣ ከም ክብደት እቲ ጥፍኣት እውን ብሓደ ግዜ ዝኸበደ ቅፅዓት ክውሰን ይከኣል፣

10) ትሕቲ ምብራር ዝኾኑ ቅፅዓታት ብመሰረት ማ/ኮሚቴ ዘውፅኦ ዝርዝር ናይ ኣሰራርሓ መምርሒ ዝውሰኑ ይኾኑ፣

11) ካብ ኣባልነት ዘባርሩ ጥፍኣታት እዞም ዝስዕቡ ይኾኑ፡-

ሀ) ፕሮግራም፣ ስትራተጅን መመሓደሪ ደንቢን ህወሓት ዝፃረር ሓሳብ ምሓዝን ኣብዚ ጉዳይ ኣመልኪቱ ግንዛበኻን ኣረኣእያኻን ንክተስተኻኽል ዝወሃብ ሓሳብ ዘይምቕባልን፣

ለ) ብመሰረት ኣብ ዓንቀፅ 7(1)(ሐ፣ተ)፣ ዓንቀፅ 9(15)፣ ዓንቀፅ 10(5፣9) ዝተቐመጡ ምስ ጉጅላውነት፣ ዘይመትከላዊ ምትእስሳር፣ ምጥቕቓፅን ምጥቕቓምን ዝተተሓሓዙ ምንቅስቓሳት ምግባር ወይ ተሳታፊ ምዃን፣

ሐ) ከቢድ ጉድለት ስነ ምግባር ወይ ቀሊል ጉድለት ኮይኑ ብተደጋጋሚ ምፍፃም/ከቢድን ቀሊልን ጉድለት ስነምግባር መ/ኮሚቴ ብዘውፅኦ መምርሒ ዝንፀር ይኸውን/፣

መ) ናይ ምቅላስ ወነ ምስኣን፣ ሽዱሽተ ወርሒ ሙሉእ ብዘየዕግብ ምኽንያት ናይ ኣባልነት ክፍሊትን ተሳትፎን ምቁራፅ፣

ረ) ብኸቢድ ገበን ተኸሲሱ ብቤት ፍርዲ ገበነኛ ምዃኑ ዝተረጋገፀ፡፡

# ምዕራፍ ኣርባዕተ

# ኣካላት ኣመራርሓን ውዳበታትን ህወሓት

## ዓንቀፅ 13 ኣካላት ህወሓት፤

1) ኣካላት ኣመራርሓ ህወሓት ብሰንሰለታዊ ቅርፂ ካብ ላዕሊ ንታሕቲ ከምዚ ዝስዕብ ይኸውን፡-

ሀ. ውድባዊ ጉባኤ

ለ. ማእኸላይ ኮሚቴን ማእኸላይ ኮምሽን ቁፅፅር ን

ሐ. ኮሚቴ ፈፃሚ ስራሕ

መ. ኣቦመንበር

ረ. ምኽትል ኣቦመንበር

ሰ. ቤት ፅሕፈት ህወሓት

ሸ. ካብ ዞባ ክሳብ ቅፃይ ዘለው ውዳበታትን ኣካላት ኣመራርሓን ህወሓት

2) ኩሎም ኣካላት (ኮሚቴታት) ኣመራርሓ ህወሓት ብቀጥታ ወይ ብተዘዋዋሪ ብመረፃ ዝቖሙ ይኾኑ፡፡ ኮይኑ ግን ኣብ ወፃኢን ኣብ ዝተበታተኑ ናይ ስራሕ ቦታታትን

ከባቢታትን ዝርከቡ ውዳበታት፤ ናይ አመራርሓ አካላት ብመረፃ ምቓም ኣፀጋሚ ኣብ ዝኾነሉ ኩነታት ብመሰረት ናይ አሰራርሓ መምርሒታት ብምደባ ክቐሙ ይግበር፣

3) ኣብዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ 2 ዘሎ መሓውር ተኸቲሎም ዝቐሙ ውዳበታት ኮሚሽን ቁፅፅር ብተመሳሳሊ መንገዲ ዝጣየሹ ይኾኑ፣
4) ድሕሪ መረፃ ኣብ ኩሎም ኣካላት ብዝኾነ ኣጋጣሚ ዝጎደሉ ኣባላት ኣመራርሓ እንተጋጥሙ መረፃ ክሳብ ዝካየድ ተጠባበቕቲ መዝጊብካ ብምፅናሕ ይትክኡ፣
5) መረፃ ዘይሓቱ ኩሎም ዓይነት ምደባታት ብመሰረት ማእከላይ ኮሚቴ ዘውፅኦ መምርሒ ይፍፀሙ፣
6) ዝኾነ ይኹን ኣባል ኣመራርሓ፤ ውድብ ኣብ ዝመደበቶ ክሰርሕ ግቡእ ኣለዎ፣
7) ናይዚ ዓንቀፅ ዝርዝር መምርሒ ኣፈፃፅማ ብማ/ኮሚቴ ይወፅእ፡፡

## ዓንቀፅ 14 ውድባዊ ጉባኤ፤

1) **ኣቃውማ ስሩዕ ጉባኤ፡-**
   ሀ) ስሩዕ ጉባኤ ኣብ ክልተ ዓመት ወይ ኣብ ክልተ ዓመትን ፈረቓን ብማ/ኮሚቴ ይፅዋዕ፣
   ለ) ስሩዕ ጉባኤ በቲ ዝተመደበሉ እዋን ምፅዋዕ እንተዘይተኻኢሉ ማ/ኮሚቴ ንሽዱሽተ ወርሒ ክናውሖ ይኽእል፣
   ሐ) ካብ ሰለስተ ዓመት ንላዕሊ ምንዋሕ ዝጠልብ ኩነታት እንተጋጢሙ ድማ መላእ ሓፋሽ ኣባል ተሓቲቱ ልዕሊ ፍርቂ እንተደጊፍዎ ንሰለስተ ወርሒ ጥራሕ ዝናዋሕ ይኸውን፡፡
   መ) ውድባዊ ጉባኤ ብናፃን ዴሞክራሲያዊን መንገዲ ብዝተመረፁ ኣባላት ይቐውም፣
   ረ) ኣብ ሓደ ስሩዕ ጉባኤ ብድምፂ ተሳተፍቲ ዝኾኑ ኣባላት ክሳዕ እቲ ዝቕፅል ስሩዕ ጉባኤ ቀወምቲ ኣባላት ጉባኤ ይኾኑ፣
   ሰ) ቀወምቲ ኣባላት ጉባኤ ካብ ኣባልነት ዝተባረሩ፣ ዝተኣገዱ፣ ወይ ብሞት ዝተፈለዩ እንተኾይኖም ናይ ጉባኤ ኣባልነቶም እውን ሓቢሩ ይስረዝ፣ ዝመረፆም ኣካል ብእዋኑ ክትክኦም ይግበር፡፡

2) **ኣቃውማ ህፁፅ ጉባኤ፡-**

ሀ) ልዕሊ ፍርቂ ኣባላት ማእኸላይ ኮሚቴ እንተሓቲቶም ህፁፅ ጉባኤ ክፅዋዕ ይኽእል፣

ለ) ልዕሊ ፍርቂ ኣባላት (50% + 1) ህፁፅ ጉባኤ ክፅውዑ ይኽእሉ፣

ሐ) ህፁፅ ጉባኤ ምፅዋዕ ኣድላይ እዩ ኢሉ ዝኣምን ኣባል ሕትኡ ናብ ሕጋዊ መድረኽ ኣካሉ የቕርብ፣ ካብቲ ኣካል ሲሶ እንተደገፍዎ እቶም ዝደገፉ ኣባላት ናብ ቀፃሊ ዝርከብ ላዕለዋይ ኣካል የቕርብዎ፣

መ) በዚ መንገዲ እዚ ሲሶ ናይ ኣካሉ ድጋፍ እንተረኺቡ ኣብ ናይ ዞባ ደረጃ ምስ በፅሐን ካብ ናይ ሓደ ዞባ ኣባላት ሲሶ ድጋፍ ምስ ረኸበን ናብ ማእኸላይ ኮሚቴ ቀሪቡ እቲ ጉዳይ ናብ ሙሉእ ውድብ ንምይይጥ ይዝርጋሕ፣

ረ) ኣብዚ ምይይጥ እዚ ልዕሊ ፍርቂ (50% + 1) ኣባላት ህፁፅ ጉባኤ ምፅዋዕ ኣድላይ እዩ ኢሎም እንተኣሚኖም ማእኸላይ ኮሚቴ ህፁፅ ጉባኤ ይፅውዕ፣

ሰ) በብደረጅኡ ዝርከቡ ኣካለት ኣማራርሓ፣ ኣባላት በዚ መሰል 'ዚ ንምጥቃም ንዝገብርዎ ምንቅስቓሳት ከተሓባብሩን ከሳልጡን ግቡኦም ይኸውን፣

ሸ) ካብ ኣባላት ማእኸላይ ኮምሽን ቁፅፅር ሲሶ (1/3) እንተደጊፊምዎ ህፁፅ ጉባኤ ክፅዋዕ ይኽእል፣

ቀ) ማእኸላይ ኮምሽን ቁፅፅር ህፁፅ ጉባኤ የድሊ እዩ ኢሉ እንተወሲኑ ውሳንኡ ንማ/ኮሚቴ ህወሓት የፍልጥ፣ ማ/ኮሚቴ ህወሓት ድማ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ መልሲ ብፅሑፍ ይህብ፣

በ) ማእኸላይ ኮምሽን ቁፅፅር በቲ መልሲ እንተዘይዓጊቡ ሓሳቡ ብቐጥታ ናብ መላእ ኣባላት ይዝርግሕ፣ ካብ ኣባላት ውድብ ሲሶ (1/3) እንተደጊፎምዎ ድማ ህፁፅ ጉባኤ ይፅዋዕ፣

ተ) ብማ/ኮሚቴ፣ ብማእኸላይ ኮሚሽን ቁፅፅር ይኹን ብኣባላት ዝፅዋዕ ህፁፅ ጉባኤ ዘድሊ ኩሉ ምስተማልአ ኣብ ውሽጢ ሰለስተ ወርሒ ይስየም፣

3) **ምስንዳው ጉባኤ፤**

ሀ) ስሩዕ ጉባኤ ወይ ብማእኸላይ ኮሚቴ ዝፅዋዕ ጉባኤ ማእኸላይ ኮሚቴ ብዘቑሞ ኣሰናዳዊ ኮሚቴ ይዳሎ፣

ለ) ብኣባላት ወይ ብማእኸላይ ኮሚሽን ቁፅፅር ዝፅዋዕ ህፁፅ ጉባኤ ካብ ማእኸላይ ኮሚቴ፣ ካብ ማእኸላይ ኮሚሽን ቁፅፅር፣ ካብ ካልኦት ኣባላት ውድብ ብማዕረ ቁፅሪ ተዋፂኡ ብዝቖውም ኣሰናዳዊ ኮሚቴ ይዳሎ፣ ማእኸላይ ኮሚቴን ማእኸላይ ኮምሽን ቁፅፅርን ነናይ ባዕሎም ኣባላት ኣሰናዳዊ ኮሚቴ ህፁፅ ጉባኤ ይመርፁ፣ ክልቲኦም ኣካላት ዝወከልዎም ብሓባር ኮይኖም ድማ ካብ ካልኦት ኣባላት ውድብ ዝውከሉ ኣባላት ኣሰናዳዊ ኮሚቴ ህፁፅ ጉባኤ ይመርፁ፣

ሐ) ኣብ ስሩዕ ጉባኤ ዝሳተፉ ተሳተፍቲ ጉባኤ ብኣባላት ዝምረፁ ይኾኑ፣ ኩሎም ኣባላት ተሳተፍቲ ጉባኤ ኣብ ምምራፅ ማዕረ ድምፂ ይህልዎም፣

መ) ኣብ ስሩዕ ጉባኤ ኣባላት ማእኸላይ ኮሚቴን ማእኸላይ ኮምሽን ቁፅፅርን ብቐጥታ ተሳተፍቲ ይኾኑ፣

ረ) ህፁፅ ጉባኤ ብቀወምቲ ኣባላት ጉባኤ ዝቖውም ይኸውን፡፡

4) **ስራሕን ሓላፍነትን ኮሚቴ ምስንዳው ጉባኤ፤**

ሀ) ምድላው ጉባኤ ብሓላፍነት ይመርሕ፣

ለ) ኣጀንዳታት ጉባኤ ብዝምልከት ምስ ማ/ኮሚቴ ብምምኻርን ንመላእ ኣባላት ብምምይያጥን ሓሳባት ይእክብ፡፡ ብኡ መሰረት ውን ምድላዋቱ ይውድእ፣

ሐ) ብኣቕራብነት ኣሰናዳዊት ኮሚቴ ብፈፃሚ ስራሕ ዝውሰን ቁፅሪ ተሳተፍቲ ጉባኤ ብመሰረት ሕጊ መረፃ፣ ምዝገባ ፖለቲካ ፓርቲታትን ስነ ምግባር መረፃን ዝንኣሰ ቁፅሪ መስረትቲ ኣባላት 5 ሚእታዊ ይኸውን፤

መ) ኣግባብ ኣወኻኽላ፣ ትሕዝቶን ማሕበራዊን ፃታዊን ዝንቕን ወዘተ ዝምልከት መምርሒ የዳሉ፣ ብኮሚቴ ፈፃሚ ስራሕ እንትፀድቕ ተግባራዊ ይገብር፣

ረ) ጉባኤ ዝስየመሉ ጊዜን ቦታን ንምውሳን ናብ ኮሚቴ ፈፃሚ ስራሕ ሓሳብ የቕርብ፣ እንትውሰነሉ ድማ ተግባራዊ ይገብር፣

ሰ) ንጉባኤ ኣድላይ ዝኾኑ ቀረባትን ኣገልግሎታትን ከዳለዉ ይገብር፣

ሸ) ናብ ጉባኤ ስርሑ ዝምልከት ሪፖርት ብምቕራብን ፕረዚድየም ብምምራፅን ስራሕቱ ይውድእ፡፡

5) **ኣቃውማ፣ ስራሕን ሓላፊነትን ፕረዝድየም፤**

ሀ. ነቲ ጉባኤ ዝመርሕ ፕረዝድየም በቲ ጉባኤ ይምረፅ፣

ለ. በዝሒ ኣባላት ፕረዝድየም ብጉባኤተኛ ይውሰን፣

ሐ. ናይ ፕረዝድየም መረፃ ብኮሚቴ ምስንዳው ጉባኤ ይፍፀም፣

ሐ. ኣባላት ፕረዝድየም ናይ ስራሕ ክፍፍል ብምግባር ነቲ ጉባኤ ይመርሑ፣

6) **ስራሕን ሓላፍነትን ጉባኤ፤**

ሀ) ጉባኤ ዝለዓለ ስልጣን ዘለዎ ኣካል ውድብ እዩ፣

ለ) ፕሮግራምን መመሓደሪ ደንቢን ህወሓት የፅድቕ፣ የመሓይሽ፣ ይስዕር፣

ሐ) ስትራተጂታት ህወሓት ይሕንፅፅ፣ እዋናዊ ስልቲታት ይውስን፣

መ) በዝሒ ኣባላት ማእኸላይ ኮሚቴ፣ ኮሚቴ ፈፃሚ ስራሕ፣ ማእኸላይ ኮሚሽን ቁፅፅር ይውስን፣

ረ) ፀብፃብ ስራሕ ማእኸላይ ኮሚቴን ማእኸላይ ኮሚሽን ቁፅፅርን ይምርምር፣ ይግምግም፣ ኣድላይ ኮይኑ ዝተርኣዮ ውሳነ ይሕልፍ፣

ሰ) ኣባላት ማእኸላይ ኮሚቴን ማእኸላይ ኮሚሽን ቁፅፅርን ኮይኖም ዘገልግሉ ይመርፅ፣ ካብ ሓላፍነት የውርድ፡፡ ናብ ኮሚሽን ቁፅፅር ህወሓት ኣባል ዘኾነሉ ግንባር ዝውክሉ ኣባላት ይመርፅ፣ የውርድ፡፡

ሸ) ኣብ ልዕሊ ማእኸላይ ኮሚቴን ማእኸላይ ኮሚሽን ቁፅፅርን ከም ኣካል ዝቐርብ ክሲ መርሚሩ ውሳነ ይህብ፣

ቀ) ክሳብ ቀፃሊ ጉባኤ ዝስርሑ ናይ ውድብ ኣንፈታት፣ መደባትን ሽቶታትን ይሕንፅፅ፣

በ) ብመሰረት ፕሮግራምን መመሓደሪ ደንቢን ህወሓት ናብ ዝተቐበሎ ግንባር ምእታው፣ ምውፃእ፣ ምውሃድ ወይ ውድብ ምፍራስ ይውስን፣

ተ) ውሳነታቱ ንህዝብን ኣባላትን የፍልጥ፡፡

## ዓንቀፅ 15 ማእኸላይ ኮሚቴ፤

1) **ኣቃውማ ማ/ኮሚቴ፡-**

ሀ) ማእኸላይ ኮሚቴ ብጉባኤ ይምረፅ፣ ተፀዋዕነቱ ንጉባኤ ይኸውን፣

ለ) በዝሒ ኣባላቱ ብጉባኤ ይውሰን፣

2) **ኣኼባን ኣሰራርሓን ማ/ኮሚቴ፡-**

ሀ) ስሩዕ ኣኼባ ማ/ኮሚቴ፣ በብ6 ወርሒ ይካየድ፣

ለ) ህፁፅ ኣኼባ ማ/ኮሚቴ፣ ብኮሚቴ ፈፃሚ ስራሕ ወይ ብሲሶ (1/3) ኣባላቱ ክፅዋዕ ይኽእል፣

ሐ) ኣባላቱ ኣብ ዝተፈላለዩ ኮሚቴታት ስራሕ ተኸፋፊሎም ዝሰርሕሉ መምርሒ ኣውፂኡ ተግባራዊ ይገብር፣

3) **ስራሕን ሓላፍነትን ማ/ኮሚቴ፡-**

ሀ) ኣብ መንጎ ክልተ ጉባኤታት ዝለዓለ ስልጣን ዘለዎ ኣካል ኣመራርሓ ህወሓት እዩ፣

ለ) ኣብ መንጎ ክልተ ጉባኤታት ህወሓት፤ ፕሮግራምን መማሓደሪ ደንቢን ህወሓትን ውሳነታት ጉባኤን ዝትርጉም፣ ዝፍፅምን ዘፍፅምን ዝልዓለ ኣካል እዩ፣

ሐ) ኣብ ጉባኤ ዝፀደቑ ውድባዊ መስመራት፣ ውሳነታት፣ መደባት መሰረት ብምግባር እዋናዊን ኣድላይን ዝኾኑ መርገፂታት፣ ፖሊሲታትን መምርሒታትን ብምውፃእ የፍፅምን ተግባራዊነቶም እውን ይቆፃፀር፣

መ) ምንቅስቓስ ሊግ መናእሰይን ሊግ ደቂ ኣንስትዮን ይመርሕ፣ ይከታተል፣ ይቆፃፀር፣

ረ) መመሓደሪ ደንቢ ህወሓት መሰረት ብምግባር መምርሒታት ኣሰራርሓ ውድብ የውፅእ፣ የመሓይሽ፣ ከከም ኩነታት ውድብን ከባቢን ኣወዳድባ የመዓራሪ፣ ሓደሽቲ ኣወዳድባታት ይፈጥር፣ የተግብር፣

ሰ) ስርዓት ፋይናንስ ወድብ ንምሕያልን ትካላዊ መንገዲ ተኸቲሉ ክሳለጥ ንምግባርን ዘድሊ ወሳነታት ይውስን፣ ካብ ሓላፊ ቤ/ፅሕፈት ዝቕርበሉ ትልሚን ዓመታዊ በጀትን ህወሓት መርሚሩ የፅድቕ፣

ሸ) ንኮሚቴ ፈፃሚ ስራሕ፣ ንኣቦ መንበርን ምኸትል ኣቦ መንበርን ከምኡ ውን ንህወሓት ወኪሎም ኣባላት ቤት ምኽሪ ህወሓት አባል ዘኾነሉ ግንባር ወይ ተመሳሳሊ አካል ንዝኾኑ ይመርፅ፣ ይቕይር፣ የውርድ፣

ቀ) ብዝተፈላለየ ምኽንያት ኣብ ማ/ኮሚቴ ክቕፅል ዘይግብኦ ኣባል ካብ ሓላፍነት ክእግድ፣ ከውርድ ወይ ድማ ካብ ኣባልነት ውድብ ከባርር ስልጣን ይህልዎ፣ እዚ ውሳነ ብኽልተ ሲሶ (2/3) ድምፂ ክድገፍ ኣለዎ፣ ውሳንኡ ውን ንኣባላቱ የፍልጥ፣

በ) ኣብ መንጎ ክልተ ጉባኤታት ዝነበረ ኣፈፃፅማ መደባት ንጉባኤ ፀብፃብ የቕርብ፣

ተ) ናብ ጥምረት ፖለቲካዊ ፓርትታት ምእታው ወይ ምውፃእ ይውስን፣

4) ዘመን ኣገልግሎትን ቀፃልነት ምትኽኻእን መሪሕነት ዝፍፀመሉ ዝርዝር መምርሒ የውፅእ፣ ንትግባርኡ ይከታተል፡፡

## ዓንቀፅ 16 ኮሚቴ ፈፃሚ ስራሕ፤

1) **ኣቃውማ ኮሚቴ ፈፃሚ ስራሕ፡-**

ሀ/ ኮሚቴ ፈፃሚ ስራሕ ብማእኸላይ ኮሚቴ ይምረፅ፣

ለ/ ተፀዋዕነቱ ንማእኸላይ ኮሚቴ ይኸውን፣

2) **ኣኼባን ኣሰራርሓን ኮሚቴ ፈፃሚ ስራሕ**

ሀ/ ስሩዕ ኣኼባ ኮሚቴ ፈፃሚ ስራሕ በብሰለስተ ወርሒ ይኸውን፣

ለ/ ህፁፅ ኣኼባ ኮሚቴ ፈፃሚ ስራሕ ብኣቦመንበር ወይ ብሲሶ (1/3) ድምፂ ኣባላቱ ክፅዋዕ ይኽእል፣

3) **ስራሕን ሓላፍነትን ኮሚቴ ፈፃሚ ስራሕ**

ሀ/ ኣብ መንጎ ክልተ ኣኼባታት ማእኸላይ ኮሚቴ ዝለዓለ ኣካል ኮይኑ ንውድብ ይመርሕ፣

ለ/ ብማእኸላይ ኮሚቴ ንዝተሓንፀፁ ፖሊሲታትን መደባትን ዝርዝር ኣፈፃፅማ የውፅእ፣ ተግባራዊነቶም ይቋፅፀር፣ ብተወሳኺ ብኮሚቴ ፈፃሚ ስራሕ ህወሓት ኣባል ዘኾነሉ ግንባር ዝውሰኑ እዋናዊ ጉዳያትን ኣንፈታትን ኣብቲ ውድብ ተግባራዊ ክኾኑ ይገብር፣

ሐ/ ምደብኡን ምደባ ካልኦት ኣባላት ማእኸላይ ከሚቴን ዝምልከት መበገሲ ሓሳብ ናብ ማእከላይ ኮሚቴ ኣቕሪቡ የወስን፣

መ/ድሕሪ ምደባ ንዘጋጥም ናይ ውልቀሰባት ናይ ምደባ ክፍተት ግን ኮሚቴ ፈፀሚ ስራሕ ባዕሉ መዲቡ ንማ/ኮሚቴ የፍልጥ፣

ረ/ ኣጀንዳ ስሩዕ ኣኼባታት ማእኸላይ ኮሚቴ ይሰርዕ፣ ህፁፅ ኣኼባ ማእኸላይ ኮሚቴ ይፅውዕ፣

ሰ/ ፀብፃብ ስርሑ ናብ ማእኸላይ ኮሚቴ የቕርብ፣

## ዓንቀፅ 17 ስራሕን ሓላፍነትን ኣቦመንበር ውድብ

1) ኣኼባታት ማ/ኮሚቴን ኮሚቴ ፈፃሚ ስራሕን ብኣቦመንበርነት ይመርሕ፣
2) ተፀዋዕነቱ ንማእኸላይ ኮሚቴን ኮሚቴ ፈፃሚ ስራሕን ኮይኑ ኣብ መንጎ ክልተ ኣኼባ ኮሚቴ ፈፃሚ ስራሕ ናይቲ ውድብ ዝለዓለ ኣካል ኮይኑ ይመርሕ፣
3) ህወሓት ብምውካል ምስ ዝተፈላለዩ ኣካላት ይራኸብ፣
4) ስሩዕን ህፁፅን ኣኼባታት ማእኸላይ ኮሚቴን ኮሚቴ ፈፃሚ ስራሕን ብመሰረት መመሓደሪ ደንቢ ይፅውዕ፣
5) ስርሑ ዝምልከት ንማ/ኮሚቴን ኮሚቴ ፈፃሚ ስራሕን ሪፖርት የቕርብ፣
6) ካልኦት ብማእኸላይ ኮሚቴን ብኮሚቴ ፈፃሚ ስራሕን ዝውሃቦ ስራሕቲ ይፍፅም፣

## ዓንቀፅ 18 ስራሕን ሓላፍነትን ምኽትል ኣቦመንበር ውድብ

1) ኣቦመንበር ኣብዘይህልወሉ ንኣቦመንበር ተኪኡ ይሰርሕ፣
2) ብኮሚቴ ፈፃሚ ስራሕን ኣቦመንበርን ዝውሃቦ ካልኦት ስራሕቲ ይፍፅም፣

## ዓንቀፅ 19 ማእኸላይ ኮሚሽን ቁፅፅር ህወሓት

1) ኣቃውማ ማእኸላይ ኮሚሽን ቁፅፅር ህወሓት፡-

   ሀ/ ብጉባኤ ህወሓት ይምረፅ፣

   ለ/ ተፀዋዕነቱ ንውድባዊ ጉባኤ ይኸውን፣
2) ናይቲ ኮሚሽን  ኣቦ መንበርን ምኽትል ኣቦመንበርን ይመርፅ፣
3) ኣቦ መንበርን ምኽትል ኣቦመንበርን ኮሚሽን ቁፅፅር ብቐዋምነት ሙሉእ ጊዜኦም ናይ ኮሚሽን ቁፅፅር ስራሕ ዝሰርሑ ይኾኑ፣
4) ስሩዕ ኣኼባ ማእኸላይ ኮሚሽን ቁፅፅር በብሽዱሽተ ወርሒ ይኸውን፣
5) ስራሕን ሓላፍነትን ማእኸላይ ኮሚሽን ቁፅፅር

   ሀ) መመሓዳደሪ ደንቢ ህወሓት ብትኽክል ይትግበር ምህላዉን መሰል ኣባላት ብመሰረት ናይ ህወሓት መመሓደሪ ደንቢን ናይ ኣሰራርሓ መምርሒታትን ዝተረጋገፀ ምዃኑን ይከታተል፣

   ለ) ካብ ታሕተዎት ኣካላት ኮሚሽን ቁፅፅር ዝቐርቡሉ ጥርዓናትን ኣብ ልዕሊ ኣባላት ወይ ኣካላት ማእኸላይ ኮሚቴ ዝቐርቡ ክስታትን የፃሪ፣ ርእይቶኡ የስፍር ንርእይቶኡ ብፅሑፍ ንማእኸላይ ኮሚቴ የፍልጥ፣

ሐ) ኮሚሽን ቁፅፅር መመሓደሪ ደንብን ናይ አሰራርሓ መምርሕታትን ዝፃረርን መሰል ኣባላት ዝጻፋእን ዝኾነ ተግባር ምፍፃሙ እንትግንዘብን ወይ ድማ ካብ አባላት ወይ ኣካላት ስርዓት ዝተኸተለ ቁርታ እንትቐርበሉን ነቲ ዝተፈፀመ ተግባር ኣፃርዩ ናብ ዝምልከቶ ኣካል ከቕርብን ውሳነ ክወሃቦ ክገብርን ይኽእል እዩ፡፡

መ) ርእይቶታቱ ተቐባልነት እንተዘይረኺቡ ፀብፃቡን ክሱን ናብ ጉባኤ የቕርብ፣ ውሳነ ኣካላት ኣመራርሓ ክስርዝ ወይ ክእግድ ግን ኣይኽእልን፣

ረ) ገንዘብን ንብረትን ውድብ ብመሰረት መምርሒታት ፋይናንስ ይመሓደር ምህላው ይቆፃፀር፣ ጉድለት እንትርከብ መስተኻኸሊ ሓሳባቱ ናብ ማእኸላይ ኮሚቴ የቕርብ፣ ፀብፃብ ድማ ናብ ጉባኤ የቕርብ፣

ሰ) ኮሚሽን ቁፅፅር ሰነዳት ውድብ ብስርዓት ይተሓዙን ይዕቀቡን ምህላዎም ይከታተል፣

ሸ) ማእኸላይ ኮሚቴ ክፈትሖ ዘይበካኣለ ሰፊሕ ቁርታ ወይ ንፕሮግራምን ስትራተጅን ዝምልከት ሰፊሕ ፍልልይ እንተሃልዩ ብኽመይ ክፍታሕ ከምዝኽእል ንማእኸላይ ኮሚቴ ርእይቶኡ የቕርብ፣

ቀ) ንዝቐርቦ ርእይቶ ኣፅጋቢ መልሲ እንተዘይረኺቡ ብመሰረት መማሓደሪ ደንቢ ህወሓት ህፁፅ ጉባኤ ክፅዋዕ ክገብር ይኽእል፣

በ) በብደረጅኡ ካብ ዝርከቡ ኣባላትን ኣካላት ኣመራርሓን ንስርሑ ዘድሊ መረዳእታታት ክረክብን ምትሕብባር ክግበረሉን መሰል አለዎ፣

ተ) ንዘጥፍኡ ኣባላቱ ብመሰረት ናይ ህወሓት መመሓደሪ ደንቢን ናይ ኣሰራርሓ መምርሒታትን ይቐፅዕ፡፡ ንኣባላቱ ካብ ሓላፍነት ምውራድ ወይ ካብ ስራሕ ምእጋድ ይኽእል፣ ካብ ኣባልነት ውድብ ግን ክባርር ኣይኽእልን፡፡ ካብ ሓላፍነት ናይ ምውራድ ወይ ካብ ስራሕ ናይ ምእጋድ ውሳነ ብክልተ ሲሶ ድምፂ ኣባላቱ ጥራሕ ይኸውን፡፡ ዘሕለፎ ውሳነ ምእጋድ ወይ ካብ ሓላፍነት ምውራድ ንኣባላት ውድብ ይገልፅ፣

ቸ) ውሽጣዊ ኣሰራርሕኡን ኣዋዳድብኡን ይውስን፣

ነ) ስራሕቱ ምስ ስራሕ  ኮሚሽን ቁፅፅር ህወሓት አባል ዘኾነሉ ግንባር ተዋዲዱ ክካየድ ይገብር፣

ኘ) ፀብፃብ ስርሑ ናብ ጉባኤ የቕርብ፡፡

## ዓንቀፅ 20 ቤት ፅሕፈት ህወሓት፤

I. ኣቃውማ ቤት ፅሕፈት ህወሓት፡-

1) ቤት ፅሕፈት ህወሓት ናይቲ ውድብ ርክብ ህዝብን ውዳበን ካልኦት ጉዳያትን ኣወሃሂዱ ንምምራሕን ንምፍፃምን ዘኽእል ኣወዳድባ ይህልዎ፣
2) ቤት ፅሕፈት ህወሓት ብማእኸላይ ኮሚቴ ብዝምደብ ሓላፍን ምኽትል ሓላፍን ይምራሕ፣
3) ኣብ "ለ" ዝተጠቐሰ ከምዘለዎ ኮይኑ ሓላፍን ምኽትል ሓላፍን ቤት ፅሕፈት ህወሓትን ካልኦት ናይ ስራሕ ሓለፍትን ብኣባልነት ዘለውዎ ኮሚቴ ኣመራርሓ ይውደብ፣
4) ዋና ቤት ፅሕፈት ህወሓት ተፀዋዕነቱ ንኣቦ መንበር ህወሓት ይኸውን፣
5) ዋና ቤት ፅሕፈት ህወሓት ኣብ መቐለ፣ ትግራይ ይኸውን፣ ከም ኣድላይነቱ ድማ ኣብ ካልኦት ከባቢታት ጨናፍር ኣብያተ ፅሕፈት ክህልውዎ ይኽእሉ፡፡

II. ኣኼባ፣ ኣሰራርሓን ኣመራርሓን ቤት ፅሕፈት ህወሓት፡-

1) ኮሚቴ ኣመራርሓ ቤት ፅሕፈት ህወሓት ብመሰረት ማ/ኮሚቴ ዘውፅኦ መምርሒ ስሩዕ ኣኼባ ይህልዎ፣
2) ምስ ቤት ፅሕፈት ህወሓት አባል ዘኾነሉ ግንባር ስሩዕ ረኽቢ ስራሕ ይህልዎ፣
3) ኣወዳድብኡን ኣሰራርሕኡን ከምኡ እውን ዝርዝር ተወሳኺ ስርሑን ሓላፍነቱን ብዝምልከት ብማእኸላይ ኮሚቴ ህወሓት ተወሳኺ መምርሒ ወፂእሉ ተግባራዊ ይኸውን፣

III. ስራሕን ሓላፍነትን ቤት ፅሕፈት ህወሓት፡-

1) ብጉባኤ ህወሓት፣ ብማእኸለይ ኮሚቴ ህወሓት፣ ብኮሚቴ ፈፃሚ ስራሕ ከምኡ እውን ብቤት ምኽርን ኮሚቴ ፈፃሚ ስራሕን ህወሓት አባል ዘኾነሉ ግንባር ወይኦም ብህወሓት ንክፍፀሙ ዝተወሰኑ መደባትን ውሳነታትን መሰረት ብምግባር ኣብ ኣባላትን ህዝብን ዝካየዱ ጉዳያት መደባት ርክብ ህዝብን ውዳበን ካልኦት ውድባዊ ጉዳያትን የፍፅም፣ ኣፈፃፅምኡ ይከታተል፣
2) ናይ ኣባላትን ኣመራርሓን ምልመላ፣ ህንፀት፣ ምውፋርን ክትትልን መመሓደሪ ደንብን መምርሕታትን ህወሓት ተኸቲሉ ብላዕለዋይነት ይመርሕ፣

3) ውዳበታት ሰብ ሞያ ብምጥያሽ ውድብና ንምጥንኻር ዝሕግዙ ኣብ ስትራተጂካውን ታክቲካውን ጉዳያት ዘድህቡ ፖለቲካዊ መፅናዕትታት ክካየዱ ይገብር፣ ውፅኢቱ ድማ ብእዋኑ ናብ ዝምልከቶ የቕርብ፣

4) ኣፈፃፅማ መደባት ውድብ ንህዝቢ የፍልጥ፡፡ ካብ ህዝቢ ዝመፁ ሕቶታት ብኣግባቡ ክምልስ እውን ሓላፍነት ይህልዎ፣

5) ሓፈሻዊ ምንቅስቓስ ሊግ መናእሰይን ሊግ ደቂ ኣንስትዮን ይከታተልን ይድግፍን፡፡

6) ሰነዳትን ንብረት ውድብን ብጥንቃቐ ክተሓዙን ብኣግባቡ ኣብ ጥቕሚ ክውዕሉን ይገብር፣

7) ዓመታዊ በጀት ህወሓት ኣዳልዩ ናብ ማእኸላይ ኮሚቴ የቕርብ፣

8) ናይቲ ውድብ ፋይናንሳዊ ዓቕምን እቶትን ዝዓብየሉ መንገዲ ይደሊ፣ ይንቀሳቀስ፣

9) ብማእኸላይ ኮሚቴ ህወሓት ዝፀደቐ ዓመታዊ በጀትን ናይቲ ውድብ ንብረትን ፋይናንስን ማእከላይ ኮሚቴ ብዘውፅኦ መምርሒ መሰረት የመሓዳድር፣

10)ኮሚቴታት ውድብ፣ ጨንፈር ኮሚቴታት ቤት ፅሕፈትን፣ ኣካላትን ይመርሕ፣ ኣብ ቤት ፅሕፈት ህወሓትን በብደረጅኡ ኣብ ዘለዉ ጨናፍር ኣብያተ ፅሕፈት ውድብን ዝርከብ ሓይሊ ሰብ ብመሰረት ማእከላይ ኮሚቴ ዘውፅኦ መምርሒ የመሓድር፣

11)ብኮሚቴ ፈፃሚ ስራሕን ኣቦመንበርን ብዝዋሃብ መምርሒ መሰረት ንህወሓት ብምውካል ምስ ዝተፈላለዩ ኣካላት ይራኸብን ውዕል ይወዓዓልን፣

12) ብሽም እቲ ውድብ ይኸስስን ይኸሰስን፣

13) ኣኼባታት ማእኸላይ ኮሚቴን ኮሚቴ ፈፃሚ ስራሕን የዳሉ፣ ነቲ ስራሕ የተሓባብር፣

14) ብዛዕባ ስርሑ ንኮሚቴ ፈፃሚ ስራሕ ህወሓትን ንኣቦመንበርን ፀብፃብ የቕርብ፣ ብቤት ምኽርን ኮሚቴ ፈፃሚ ስራሕ ህወሓት ኣባል ዘኾነሉ ግንባር ፀዲቖም ብቤት ፅሕፈት ህወሓት ንዝፍፀሙ መደባት ንቤት ፅሕፈት ህወሓት ኣባል ዘኾነሉ ግንባር ፀብፃብ የቕርብ፣

15) ንስራሕቲ ማ/ኮሚሽን ቁፅፅር ዘድልዩ ቀረባትን መሳለጢያታትን ብምምላእ ዕማማቱ ንምስላጥ ምችው ኩነታት ይፈጥር፣

16)ናይ ውድብ ሰነዳትን ማህተማትን ብጥንቃቐ ይሕዝ፣ ኣብ መዓለኦም ክውዕሉ ይገብር፡፡

IV. **ስራሕን ሓላፍነትን ሓላፊ ቤት ፅሕፈት ህወሓት፡-**

ሀ) ሓላፊ ቤት ፅሕፈት ህወሓት ተፀዋዕነቱ ንኣቦ መንበር እዩ፣

ለ) መደባት ርክብ ህዝብን ውዳበን ከምኡ እውን ስራሕቲ ምምሕዳር፣ ፋይናንስን ሓይሊ ሰብን ይመርሕ የተሓባብር፣

ሐ) ብመሰረት ኮሚቴ ፈፃሚ ስራሕን ኣቦመንበርን ዝውሃቦ መምርሒ ምስ ሳልሳይ ኣካል ይራኸብ፣

መ) በጀትን ንብረትን ቤት ፅሕፈት ህወሓት ላዕለዋይ ኣካል ኮይኑ የመሓዳድር፣

ረ) ከይዲ ስራሕቲ ቤት ፅሕፈት ኣመልኪቱ በብግዚኡ ፀብፃብ ንኣቦመንበር የቕርብ፡፡

ሰ) ንቤት ፅሕፈት ህወሓት ወኪሉ ውዕል ይውዓዓል፣

V. **ምክትል ሓላፊ ቤት ፅሕፈት ህወሓት፡-**

ሀ) ተፀዋዕነቱ ንሓላፊ ቤት ፅሕፈት ህወሓት ይኸውን፣

ለ) ሓላፊ ቤት ፅሕፈት ኣብ ዘይህልወሉ ንዕኡ ተኪኡ ይሰርሕ፣

ሐ) ሓደ ንፁር ናይ ስራሕ መደብ ይመርሕ፣

መ) ካልኦት ካብ ሓላፊ ቤት ፅሕፈት ህወሓት ዝውሃቦ ስራሕቲ የተግብር፣

## ዓንቀፅ 21 ካብ ዞባ ክሳብ ቅፃይ ዘለው ውዳበታትን ኣካላት ኣመራርሓን ህወሓት፤

ታሕተዎት ኣካላት ኣመራርሓ ብማእኸላይ ኮሚቴን ኮሚቴ ፈፃሚ ስራሕን ዝውሰኑን ብቤት ፅሕፈት ህወሓት ዝምርሑን፣ በብደረጅኡ ዝፍፀሙ ስራሕቲ ርክብ ህዝቢ፣ ውዳበ፣ ሓይሊ ሰብ፣ ፋይናንስን ካልኦት ውድባዊ ጉዳያትን ዝሰርሑ ኣካላት ኣመራርሓ በብደረጅኡ ይውደቡ፡፡

## ዓንቀፅ 22 ዞባዊ ዋዕላ ኣባላት፤

1) ዞባዊ ዋዕላ ኣብቲ ዞባ ካብ ዝርከባ ወረዳታት ብተመጣጣኒ ውክልና ብዝተመረፁ ኣባላት ይቐውም፣

2) ስራሕን ሓላፍነትን ዞባዊ ዋዕላ፡-

ሀ. ዞባዊ ዋዕላ ዝለዓለ ኣካል ናይቲ ዞባ እዩ፣

ለ. ዓመታዊ ናይ መደባት ኣንፈታት ይውስን፣

ሐ. ዓመታዊ ፀብፃብ ኮሚቴ ዞባን ኮሚሽን ቁፅፅር ዞባን ይምርምርን ይግምግምን፣ ኣብኡ ተመስሪቱ ኣድላይ ዝብሎ ውሳነ የሕልፍ፣

3) ዞባዊ ዋዕላ ዝካየደሉ እዋንን ኣፈፃፅማ መረፃታትን ብዝወፅእ መምርሒ ይውሰን፡፡

## ዓንቀፅ 23 ኮሚቴ ዞባ፤

1) ኣቃውማ ኮሚቴ ዞባ፡-

ሀ/ ኮሚቴ ዞባ ብመሰረት **ዓንቀፅ** 13 /2/ ብመረፃ ዞባዊ ዋዕላ ዝጣየሽ ይኸውን፣ ኮይኑ ግን ኣብቲ ዞባ ዝምደቡ ኣባላት ማ/ኮሚቴ ብዘይመረፃ ብቐጥታ ኣባላት ኮሚቴ ዞባ ይኾኑ፣

ለ/ ኮሚቴ ዞባ ካብ ውሽጡ ዝምረፅ ኮሚቴ ፈፃሚ ስራሕ ዞባ ይህልዎ፣

ሐ/ ተፀዋዕነቱ ንዝመረፆ ኣካልን ንቤት ፅሕፈት ህወሓትን ይኸውን፣

2) ስሩፅ ኣኼባ ኮሚቴ ዞባ ብመሰረት ናይ ኣሰራርሓ መምርሒ ዝካየድ ይኸውን፣

3) ስራሕን ሓላፍነትን ኮሚቴ ዞባ፡-

ሀ/ ቤት ፅሕፈት ህወሓትን ዞባዊ ዋዕላን ዘውፅእዎም መደባትን ናይ ኣፈፃፅማ ኣንፈታትን መሰረት ብምግባር ኣብ ዞብኡ ዝካየዱ ስራሕቲ ርክብ ህዝብን ውዳበን ይመርሕ ይፍፅም፣ ኣፈፃፅምኡ ይከታተል፣

ለ/ ኣብ ዞባ ዘሎ ስራሕቲ ፋይናንስ ውድብ ይመርሕ፣ ይቆፃፀር፣

ሐ/ ኣብ ዞባ ዝካየዱ ምንቅስቓስ ሊግ መናእሰይን ሊግ ደ/ኣንስትዮን ይድግፍ፣ ይከታተል፣

መ/ ኣብ ዞብኡ ዝርከቡ ኣካላት ኣመራርሓ ወረዳ ምንቅስቓሶም ይመርሕ ይከታተል፣

ረ/ ካብ ወረዳታት ዝመፅእ ሪፖርት መሰረት ብምግባር ይኹን ባዕሉ ብምክትታልን ዘተኣኻኸቦ መረዳእታን ብምውሳኽ፣ ኣብ ዞብኡ ዝካየዱ ውድባዊ ምንቅስቓሳት ብዝምልከት ሪፖርት ንዝመረፆ ኣካልን ንቤት ፅሕፈት ህወሓትን የቕርብ፡፡

ሰ/ ዝርዝር ኣወዳድባን ኣሰራርሓን ዞባ ኮሚቴ ማእኸላይ ኮሚቴ ብዘውፅኦ ተወሳኺ መምርሒ ዝፍፀም ይኸውን፣

## ዓንቀፅ 24 ኮሚሽን ቁፅፅር ዞባ፤

1) ኣቃውማ ኮሚሽን ቁፅፅር ዞባ፡-

ሀ/ ብመሰረት ዓንቀፅ 13 /2/ ብመረፃ ዞባዊ ዋዕላ ዝጣየሽ ይኸውን፣

ለ/ ተፀዋዕነቱ ንዝመረፆ ኣካልን ንማእኸላይ ኮሚሽን ቁፅፅርን ይኸው፣

2) ስሩዕ ኣኼባ ኮሚሽን ቁፅፅር ዞባ በብሰለስተ ወርሒ ይኸውን፣

3) ስራሕን ሓላፍነትን ኮሚሽን ቁፅፅር ዞባ

ሀ/ ኮምሽን ቁፅፅር ዞባ ኣብቲ ዞባ ስራሕቲ ቁፅፅር ዝሰርሕ ዝለዓለ ኣካል እዩ፣

ለ/ ኣብቲ ዞባ ናይ ዝርከቡ ኣባላት መሰል ናይ ህወሓት መመሓደሪ ደንቢን ናይ ኣሰራርሓ መምርሒታትን ብዘቕምጦ መሰረት ዝተረጋገፀ ምኳኑ ይከታተል፣

ሐ/ ካብ ታሕተዎት ኣካላት ኮሚሽን ቁፅፅር ዝቐርበሉ ጥርዓናትን ኣብ ልዕሊ ኣባላት ወይ ኣካላት ዞባ ኮሚቴ ዝቐርብ ክስታትን የፃሪ፣ ርእይቶኡ ናብ ዞባ ኮሚቴ ብፅሑፍ የቕርብ፣

መ/ ርእይቶኡ ኣብ ዞባ ኮሚቴ ተቀባልነት እንተዘይረኺቡ ጥርዓኑ ናብ ማእኸላይ ኮሚሽን ቁፅፅር የቕርብ፡፡ ንውሳነ ኣመራርሓ ኮሚቴታት ክእግድ ወይ ክስርዝ ግን ኣይኽእልን፣

ረ/ ብዞባ ደረጃ ዘሎ ናይ ውድብ በጀት፣ ፋይናንስን ንብረትን ብናይ ውድብ መምርሒ መሰረት ዝንቀሳቀስ ዘሎ ምኳኑ ይቆፃፀር፣

ሰ/ ኣብ ፋይናንስን ኣሰራርሕኡን ጉድለት እንተተረኺቡ፣ ንክስተኻኸል ርእይቶኡ ናብ ዞባ ኮሚቴ የቕርብ፡፡ ቅዳሕ እቲ ፀብፃብ ናብ ማእኸላይ ኮሚሽን ቁፅፅር ይልእኽ፣

ሸ/ ንርእይቶኡ ኣዕጋቢ መልሲ እንተዘይረኺቡሉ ጥርዓኑ ናብ ማእኸላይ ኮሚሽን ቁፅፅር የቕርብ፡፡

## ዓንቀፅ 25 ዋዕላ ኣባላት ወረዳ፤

1) ዋዕላ ኣባላት ወረዳ ኣብቲ ወረዳ ካብ ዝርከባ ጣብያታት ብተመጣጣኒ ውክልና ብዝተመረፁ ኣባላት ይቖውም፣

2) ስራሕን ሓላፍነትን ዋዕላ ኣባላት ወረዳ፡-

ሀ. ዋዕላ ኣባላት ወረዳ ዝለዓለ ኣካል ናይቲ ወረዳ እዩ፣

ለ. ዓመታዊ ናይ መደባት ኣንፈታት ይውስን፣

ሐ. ዓመታዊ ፀብፃብ ኮሚቴ ወረዳን ኮሚሽን ቁፅፅር ወረዳን ይምርምርን ይግምግምን፣ ኣብኡ ተመስሪቱ ኣድላይ ዝብሎ ውሳነ የሕልፍ፣

3) ዋዕላ ኣባላት ወረዳ ዝካየደሉ እዋንን ኣፈፃፅማ መረፃታትን ብዝወፅእ መምርሒ ይውሰን፡፡

## ዓንቀፅ 26 ኮሚቴ ወረዳ፤

1/ ኣቃውማ ኮሚቴ ወረዳ፡-

ሀ/ ኮሚቴ ወረዳ ብመሰረት **ዓንቀፅ** 13 /2/ ብመረፃ ዋዕላ ወረዳ ዝጣየሽ ይኸውን፣

ለ/ ተፀዋዕነቱ ንዝመረዮ ኣካልን ንኮሚቴ ዞባን ይኸውን፣

2/ ስሩዕ ኣኼባ ኮሚቴ ወረዳ ብመሰረት ኣሰራርሓ መምርሒ ይካየድ፣

3/ ስራሕን ሓላፍነትን ኮሚቴ ወረዳ፡-

ሀ/ ብኮሚቴ ዞባ ብዝወሃቦ ኣመራርሓ መሰረት ኣብ ወረድኡ ዝፍፀሙ መደባት ርክብ ህዝቢ፣ ውዳበ፣ ናይ ውድብ ፋይናንስን ካልኦት ውድባዊ ጉዳያትን ይሕንፅፅ፣ ይፍፅም፣ ኣፈፃፅምኡ ይከታተል፣

ለ/ ምንቅስቓስ መሰረታዊ ውዳበ ይከታተል፣ ኣድላይን ግቡእን ድጋፍ ይህብ፣

ሐ/ መሰረታዊ ውዳበን ዋህዮን ዝመያየጥሉ እዋናዊ ጉዳያት ይውስን፡፡ ኣድላይን ጠቓሚን መማያየጢ ማቴርያል ክማላእ ይገብር፣

መ/ ኣብ ወረድኡ ዝካየዱ ምንቅስቓሳት ሊግ መናእሰይን ሊግ ደቂ ኣንስትዮን ይድግፍን ይከታተልን፣

ረ/ ካብ መሰረታዊ ውዳበ ዝቐርብሉ ፀብፃብ ይኹን ባዕሉ ብኽትትል ዝረኸቦ ሓበሬታ መሰረት ብምግባር ምንቅስቓስ መሰረታዊ ውደባታትን ዋህዮታትን ኣመልኪቱ ንዞባ ኮሚቴ ሪፖርት የቕርብ፣

ሰ/ ናይ ወረዳ ኮሚቴ ዝርዝር ኣወዳድባን ናይ ስራሕ መምርሕን ብማእኸላይ ኮሚቴ ብዝወፅእ መምርሒ ዝፍፀም ይኸውን፡፡

## ዓንቀፅ 27 ኮሚሽን ቁፅፅር ወረዳ፤

1/ ኣቃውማ ኮሚሽን ቁፅፅር ወረዳ፡-

ሀ/ ኮሚሽን ቁፅፅር ኣብ ነብሲ ወከፍ ወረዳ ብመሰረት **ዓንቀፅ** 13 /2/ ብመረፃ ዋፅላ ወረዳ ዝጣየሽ ይኸውን፣

ለ/ ተፀዋዕነቱ ንዝመረፆ ኣካልን ንኮሚሽን ቁፅፅር ዞባን ይኸውን፡፡

2/ ስሩዕ ኣኼባ ኮሚሽን ቁፅፅር ወረዳ በብወርሑ ይኸውን፣

3/ ስራሕን ሓላፍነትን ኮሚሽን ቁፅፅር ወረዳ፡-

ሀ/ ኮሚሽን ቁፅፅር ወረዳ ኣብቲ ወረዳ ዝስራሕ ናይ ቁፅፅር ስራሕቲ ዝቆፃፀር ዝለዓለ ኣካል እዩ፣

ለ/ ኣብቲ ወረዳ ናይ ዝርከቡ ኣባላት መሰል፣ ብመሰረት መመሓደሪ ደንቢ ህወሓትን መምርሒታትን  ዝተረጋገፀ ምዃኑ ይካታተል፣

ሐ/ ካብ ኣባላት ዝቐረበሉ ናይ መሰል ምድፋእ ጥርዓናትን ኣብ ልዕሊ ኣባላት ወይ ኣካላት ኮሚቴ ወረዳ ዝቐርብ ክስታትን የፃሪ ርእይቶኡ ንኮሚቴ ወረዳ የቕርብ፣

መ/ ርእይቶኡ ብኮሚቴ ወረዳ ተቀባልነት እንተዘይረኺቡ ጥርዓኑ ናብ ኮሚሽን ቁፅፅር ዞባ የቕርብ፡፡ ውሳነ ኣመራርሓ ኮሚቴታት ክእግድ ወይ ክሰርዝ ግን ኣይኽእልን፣

ረ/ በጀትን ፋይናንስን እቲ ወረዳ ብመሰረት መምርሒ ፋይናንስ ውድብ ዝፍፀም ዘሎ ምዃኑ ይቆፃፀር፣

ሰ/ ኣብ  ኣተሓሕዛን ኣሰራርሓን ፋይናንስ ጉድለት እንተተረኺቡ ንክስተኻኸል ርእይቶኡ ንኮሚቴ ወረዳ  የቕርብ፣ ቅዳሕ ናብ ኮሚሽን ቁፅፅር ዞባ ይልእኽ፣

ሸ/ ንርእይቶኡ ኣዕጋቢ መልሲ እንተዘይረኺቡ ጥርዓኑ ናብ ኮሚሽን ቁፅፅር ዞባ የቅርብ፡፡

## ዓንቀፅ 28 መሰረታዊ ውዳበታት፤

1) ኣቃውማ መሰረታዊ ውዳበታት፡-

ሀ/ ኣብ ሓደ ውሱን ናይ ስራሕ ቦታ ወይ ፀቢብ ጂኦግራፊያዊ ከባቢ ዝርከቡ ኣባላት ብሙሉኦም ዝጥርነፍሉ መሰረታዊ ውዳበ ይህልዎም፣

ለ/ ኣቃውማ መሰረታዊ ውዳበ ማእኸላይ ኮሚቴ ብዘውፅኦ መምርሒ መሰረት ይፍፀም፣

ሐ/ ተፀዋዕነቱ ንብልዕሊኡ ዘሎ ናይ ውድብ ኮሚቴ ይኸውን፣

2) ስሩዕ ኣኼባ መሰረታዊ ውዳበ ብዝወፅእ መምርሒ መሰረት ይካየድ፣

3) ኩሎም ኣባላት መሰረታዊ ውዳበ ብዋህዮታት ይውደቡ፣

4) ስራሕን ሓላፍነትን መሰረታዊ ውዳበ፦

ሀ/ መሰረታዊ ውዳበ ኣብ ሓደ ቦታ ወይ ፀቢብ ጂኦግራፊያዊ ከባቢ ዝካየድ ውድባዊ ስራሕቲ ዘማእኽል ዝለዓለ ኣካል እዩ፣

ለ/ ብልዕሊኡ ብዘሎ ናይ ውድብ ኣመራርሓ ኮሚቴ ዝዋሃቦ ኣጠቓላሊ ኣንፈት መደብ፣ ሸቶታትን ሓፈሻዊ ዝተቐመጠ ግዜ ሰሌዳን መሰረት ብምግባር መደባት መሰረታዊ ውዳብኡ ይሕንፅፅ፣ የፅድቕ ኣፈፃፅምኦም ይቆፃፀር ይከታተል የፈፅም፣

ሐ/ መመሓደሪ ደንቢ ህወሓትን ናይ ኣሰራርሓ መምርሒታትን መሰረት ብምግባር ብደረጅኡ ኣብ ዝውሰኑ ናይ ኣባላት ምደባ፣ ዝውውር፣ ቅፅዓትን ብዝምልከት ውሳነታት ይውስን፣ ሕፁያት ኣባላት ገምጊሙ ናብ ሙሉእ ኣባልነት የሰጋግር፣

መ/ ኣብ ስራሕ ንዝረኣዩ ጉድለታትን ከም ኣካል ንዝውስኖም ውሳነታትን ተሓታቲ ይኸውን፡፡

## ዓንቀፅ 29 ኮሚቴ ኣመራርሓ መሰረታዊ ውዳበ፤

1) ኣቃውማ ኣመራርሓ መሰረታዊ ውዳበ፦

ሀ/ ሕድሕድ ኮሚቴ መሰረታዊ ውዳበ ብመሰረት **ዓንቀፅ** 13 /2/ ብመረፃ ዋዕላ ኣባላት መሰረታዊ ውዳበ ዝጣየሽ ይኸውን፣

ለ/ ኮሚቴ ኣመራርሓ መሰረታዊ ውዳበ ኣብ ትሕቲኡ ንኡሳን ኮሚቴ ክውድብ ይኽእል፣ ዝርዝር ኣፈፃፅምኡ ማእኸላይ ኮሚቴ ብዘውፅኦ መምርሒ መሰረት ይኸውን፣

ሐ/ ኮሚቴ መሰረታዊ ውዳበ ሓደ ኣቦመንበር ካልኦት ኣባላት ኮሚቴን ዝሓዘ ይኸውን፣

መ/ ተፀዋዕነቱ ንዝመረፆ ኣካልን ብልዕሊኡ ንዘሎ ኮሚቴ ኣመራርሓን ይኸውን፡፡

2) ስሩዕ ኣኼባ ኮሚቴ ኣመራርሓ መሰረታዊ ውዳበ ብዝወፅእ መምርሒ መሰረት ይካየድ፣

3) ስራሕን ሓላፍነትን ኮሚቴ ኣመራርሓ መሰረታዊ ውዳበ፡-

ሀ/ ኣብ መንጎ ክልተ ኣኼባታት መሰረታዊ ውዳበ ዝለዓለ ሓላፍነት ሒዙ ንከባቢኡ ዝመርሕ ኣካል እዩ፣

ለ/ መሰረታዊ ውዳበ ዘውፅኦም መደባትን ዝውስኖም ውሳነታትን ብመመሓደሪ ደንቢን ናይ ኣሰራርሓ መምርሒታትን ብመሰረት ዝውሃቦ ሓላፍነት ኣብ ውዳብኡ ምደባን ዝውውርን ይውስን፣

ሐ/ ቅፅዓትን ምልመላን ኣባላት ዝምልከት መበገሲ ሓሳብ ኣዳልዩ ናብ መሰረታዊ ውዳብኡ ኣቕሪቡ የፅድቕ፣

መ/ ምንቅስቓስ ዋህዮታት ይከታተል የተሓባብር፣

ረ/ ፀብፃብ ስርሑ ናብ መሰረታዊ ውዳበን ብልዕሊኡ ናብ ዘሎ ኣካልን የቕርብ፡፡

## ዓንቀፅ 30 ኮሚሽን ቁፅፅር መሰረታዊ ውዳበ፤

1/ ኮሚሽን ቁፅፅር ብመሰረታዊ ውዳበ ደረጃ ኣብ ዝሳለጥ ዋዕላ ብመረፃ ኣባላት ይቖውም፣

2/ ስራሕን ሓላፍነቱን ኣቃውምኡን ማእኸላይ ኮሚሽን ቁፅፅር ብዘውፅኦ መምርሒ መሰረት ይፍፀም፡፡

## ዓንቀፅ 31 ዋህዮ፤

1/ ኣቃውማ ዋህዮ፡-

ሀ/ ኣብ ሓደ ውሱን መንበሪ ከባቢ ወይ ናይ ስራሕ ቦታ (ትካል፣ኣካል) ዝርከቡ ኣባላት ብሙሉኦም ዝጥርንፍሎም ዋህዮታት ይህልዉ፣

ለ/ ኣብ ሓደ ናይ ስራሕ ቦታ ወይ መንበሪ ከባቢ ዝርከቡ ኣባላት ብምብዝሖም ወይ ድማ ብኻሊእ ምኽንያት ኣብ ሓደ ዋህዮ ምጥርናፎም ዘይጥዕም እንተኾይኑ ማእኸላይ ኮሚቴ ወይ ቤት ፅሕፈት ህወሓት ብዝውስኖ ውሳነ መሰረት ካብ ሓደ ዋህዮ ንላዕሊ ምውዳብ ይከኣል እዩ፣

ሐ/ ተፀዋዕነቱ ንመሰረታዊ ውዳበን ኮሚቴ ኣመራርሓ መሰረታዊ ውዳበን ይኸውን፣

2/ ስሩዕ ኣኼባ ዋህዮታት ብዝወፅአ መምርሒ መሰረት ይካየድ፣

3/ ስራሕን ሓላፍነትን ዋህዮ፡-

ሀ/ ኣብታ ተወዲቡላ ዘሎ ከባቢ ወይ ናይ ስራሕ ቦታ ዝካየድ ውድባዊ ስራሕቲ ህወሓት ዘማእኽል ኣካል እዩ፣

ለ/ መሰረታዊ ውዳበ ብዘውፅኦ መደባት መሰረት ዝርዝር መደብ ዋህይኡ የውፅእ የፈፅም፣

ሐ/ ኣብ ከባቢኡ ዝርኣዩ ጉድለታት ስራሕን ከም ኣካል ንዝወሰኖም ውሳነታትን ተሓታቲ ይኸውን፣

መ/ ዝውውር፣ ምደባ፣ ቅፅዓትን ምልመላን ኣባላት ብዝምልከት ርእይቶኡ ናብ ላዕለዋይ ኣካል የሕልፍ፣

ረ/ ስራሕቲ ምልመላን ህንፀት ኣባላትን ይከታተል፣

ሰ/ ወርሓዊ ክፍሊት ኣባላት ይጥርንፍ፣

ሸ/ ዋህዮ ዝተሓተ ኣካል ውድብ ኮይኑ ኣብ ልሳንን ካልኦት ፖለቲካዊ ኣጀንዳታትን ተደሪኹ ምይይጥ ዝካየደሉ መድረኽ ይኸውን፣

ቀ/ ብሕፁይነት ንዝተመልመሉ ኣባላት ህንፀቶም ይከታተል፣ ናብ ሙሉእ ኣባልነት ክሰግሩ ርእይቶኡ ናብ መሰረታዊ ውዳበ የቕርብ፣

በ/ ፀብፃብ ስርሑ ናብ መሰረታዊ ውዳበን ናብ ኮሚቴ ኣመራርሓ መሰረታዊ ውዳበን የቕርብ፡፡

## ዓንቀፅ 32 ኮሚቴ ኣመራርሓ ዋህዮ፤

1/ ኣቃውማ ኮሚቴ ኣማራርሓ ዋህዮ፡-

ሀ/ ብመሰረት መመሓደሪ ደንቢን መምርሒታት ኣሰራርሓን ህወሓት ብኣባላት ዝምረፅ ኮሚቴ ኣመራርሓ ዋህዮ ይህሉ፣

ለ/ ተፀዋዕነቱ ንዝመረፆ ኣካልን ንኮሚቴ ኣመራርሓ መሰረታዊ ውዳበን ይኸውን፣

2/ ስሩዕ ኣኼባ ኮሚቴ ኣመራርሓ ዋህዮ ብዝወፅአ መምርሒ መሰረት ይካየድ፣

3/ ስራሕን ሓላፍነትን ኮሚቴ ኣመራርሓ ዋህዮ፣

ሀ/ ኣብ መንጎ ክልተ ኣኼባታት ዋህዮ ዝለዓለ ሓላፍነት ሒዙ ዝመርሕ ኣካል እዩ፣

ለ/ ውሳነታትን መደባትን ዋህዮ የፈፅም፣

ሐ/ ምንቅስቓስን ስራሕትን ሕድሕድ ኣባል ይከታተል የተሓባብር፣

መ/ ናይ ስራሕ ፀብፃቡ ንዋህዮን ንኮሚቴ ኣመራርሓ መሰረታዊ ውዳበን የቕርብ፡፡

## ዓንቀፅ 33 ቅፃይ፤

ቅፃይ ምቛም ኣድላይ ኣብ ዝኾነሉ ኣካል ማእኸላይ ኮሚቴ ብዘውፅኦ መምርሒ መሰረት ይፍፅም፡፡

# ምዕራፍ ሓሙሽተ፡

# ህወሓት ኣብ ግንባር፣ ጥምረት ወይ ውህደት ኣባል ንምኻን ዝኽተሎ ስርዓት

## ዓንቀፅ 34 ኣባልነት ህወሓት ኣብ ዝፍጠሩ ግንባራት ወይ ጥምረታት፤

1) ግንባር ወይ ጥምረት ማለት ብመሰረት ሕጊ መረፃ፣ ምዝገባ ፖለቲካ ፓርቲታትን ስነ ምግባር መረፃን ዝተውሃቦ ትርጉም ይኸውን፣
2) ህወሓት ብመሰረት ፕሮግራምን መመሓደሪ ደንቡን ብነፃ ድልየቱ ኣሚኑ ናይ ዝተቐበሎ ውድብ ኣባል ግንባር ኮይኑ ወይ ብጥምረት ክቕፅል ይኽእል፣
3) ዝኾነ ይኹን ዝፍጠር ግንባር ብውሳነ ጉባኤ ይኸውን፣
4) ዝኾነ ይኹን ዝፍጠር ጥምረት ብውሳነ ማእኸላይ ኮሚቴ ይኸውን፣
5) ህወሓት ብውሳነ ጉባኤ ወይ ማእኸላይ ኮሚቴ ኣብ ዝኣተዎም ግንባርን ጥምረትን ኣባል እቲ ግንባር ወይ ጥምረት ኮይኑ ክሳዕ ዝቐፀለ ብዲሞክራሲያዊ መንገዲን መሰረታዊ መትከላት እቲ ግንባር ወይ ጥምረት ዝውሰኑ ሓባራዊ ውሳነታት የኽብር፣

ብዝህልው መምርሒታታን ኣሰራርሓታትን ይጥርነፍ፣ ኣብ ኣኼባታት ይርከብ፣ ኣብ ዝመሰሎ አጀንዳ የድምፅ፣ ንዝተውሃቡ መደባት ብብቕዓት ንተግባራዊነቶም ብጥብቂ ይንቀሳቐስ፣

## ዓንቀፅ 35 ውህደት፤

1) ውህደት ማለት ብመሰረት ሕጊ መረፃ፣ ምዝገባ ፖለቲካ ፓርቲታትን ስነ ምግባር መረፃን ዝተውሃቦ ትርጉም ይኸውን፣
2) ህወሓት ንክወሃድ ዘሕልፎ ውሳነ አባላት ክመያየጥሉ ተገይሩ ብጉባኤ ይውሰን፣
3) ንውህደት ዝመሓላለፍ ውሳነ በቲ ጉባኤ ብክልተ ሲሶ (2/3) ድምፂ እንትድገፍ ይኸውን፡፡

# ምዕራፍ ሽዱሽተ

# ዝተፈላለዩ ድንጋገታት

## ዓንቀፅ 36 ብዛዕባ ምፍራስ ውድብ፤

1. ጉዳይ ምፍራስ ውድብ ዘስዕብ ኩነታት እንተጋጢሙ መላእ ሓፋሽ አባል ክመያየጠሉ ይግበር፣
2. አብዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ 1 ዝተቐመጠ ምስተማልአ ጉዳይ ምፍራስ ውድብ አብ ውሳነ ጉባኤ እንተወሓደ ሰለስተ ርባዕ (3/4) ድምፂ እንተረኺቡ ተግባራዊ ይኸውን፡፡

## ዓንቀፅ 37 ህወሓት ኣባል ካብ ዝኾነሉ ግንባር ወይ ጥምረት አባልነት ምቁራፅ ፤

1) ህወሓት፤ ህወሓት አባል ካብ ዝኾነሉ ግንባር ክወፅእ ውሳነ ክውስን ዝኽእል ብጉባኤኡ ኣቢሉ ይኸውን፣
2) ህወሓት፤ ህወሓት አባል ካብ ዘኾነሉ ጥምረት ክወፅእ ውሳነ ክውስን ዝኽእል ብውሳነ ማእኸላይ ኮሚቴ ይኸውን፣

3) ብመሰረት መመሓደሪ ደንቢ ህወሓት ኣባል ዝኾነሉ ግንባር ካልኦት ኣባል ውድባት ኣብ ጉዳይ ካብ ኣባልነት ምቁራፅ ርእይቶ ክህቡን ክቃለሱን እንተደልዮም ክቃለሱ ክፈቅድ ግቡእ ኣለዎ፣

4) ብመሰረት እዚ መመሓደሪ ደንቢ ህወሓት ኣባል ዝኾነሉ ግንባር መትከላዊ ኣፈላላይ እንተንፀባሪቑ ንዝተፈለየ ርእይቶታቱ ኣብ ሕጋዊ መድረኻት ህወሓት ኣባል ዝኾነሉ ግንባር ጥራሕ ይቃለሰሎም፣

5) ብመሰረት እዚ መመሓደሪ ደንቢ ህወሓት ኣባል ዘኾነሉ ግንባር መትከላዊ ኣፈላላይ ፈጢሩን ቃልሲ ኣካይዱን እቲ ግንባር ዘይመትከላዊ ውሳነ እንተወሲኑ ወይ ዝውስን እንተኾይኑ እቲ ጉዳይ ናብ ጉባኤ ህወሓት ቀሪቡ ብጉባኤ ይውሰን፡፡

## ዓንቀፅ 38 ልሳን ውድብ፤

1) ልሳን ህወሓት ወይን ብዝብል ሽም ዝሕተም ጋዜጣ ይኸውን፣

2) ብናይ ውድብ ልሳን ኣቢሎም ኣባላት ኣብ ፖሊሲታት፣ ፍፃሜታት ውድብ ክካትዑ፣ ሓሳባት ክቕርቡን ብሰፊሑ ክሰተፉን መሰሎምን ግቡኦምን እዩ፣

3) ልሳን ውድብ ብነፃ ድልየቱ ዝዚኡ ክንብብ ንዝደሊ ዝኾነ ዜጋ ዝዕደል ይኸውን፡፡

## ዓንቀፅ 39 ፋይናንሳዊ ጉዳያትን ኦዲትን፤

1) ፍልፍል ፋይናንስ ህወሓት ካብ ወርሓዊ ክፍሊት ኣባላቱ፣ ብመሰረት ሕጊ መረፃ፣ ምዝገባ ፖለቲካ ፓርቲታትን ስነ ምግባር መረፃን ካብ ኢትዮጵያውን ፈተውቱን ደገፍቱን ዝረኸቦ ወይ ዝእክቦ ሓገዝ ወይ ካብ ካልኦት ሕጋዊ ፍልፍል ዝረኸቦ ኣታውታት ይኸውን፣

2) ኣብዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ 1 ዝተቐመጠ ከም ዘለዎ ኮይኑ ብማእኸላይ ኮሚቴ ዝውሰን ምድንፋዕ እቶት፣ ብዓይነት ዝግበር ወፈያ፣ ተለዋጢ ስራሕቲ ማእቶት፣ ውህብቶ፣ መሰል ምትሕልላፍ ፍልፍል እቶት ክኾኑ ይኽእሉ፣

3) ብሕጊ ካብ ዝተፈቐደ ናይ ናይ ውድብ ጥረ ገንዘብ፣ ሰነድ ወይ ዋጋ ዘለዎም ንብረታት እንተዘይኮይኑ ናይ ሳልሳይ ወገን ዝኾነ ገንዘብ ወይ ዋጋ ዘለዎም ንብረታት ወይ ሰነድ ምስ ሃፍቲ ውድብ ሓዊስካ ምቕማጥ ዝተኸልከለ እዩ፣

4) ኣብዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ 3 ዝተቐመጠ ከም ዘለዎ ኮይኑ ብቤት ፍርዲ ወይ ንክፍፅም ስልጣን ዘለዎ ሓላፊ ብዝህቦ ትእዛዝ ናይ ትካላት ወይ ብውልቀ ሰብ ሽም ብሓደራ ወይ ብመተሓዚ መልክዕ ዝልወጥ ወይ ንበዓል መሰል ተመላሲ ክሳብ ዝግበር ብግዚያዊነት ኣብ ሃፍቲ ውድብ ወይ ኣብ ባንኪ ተሓዊሱ ክቐመጥ ዝተገበረን ምስ ሃፍቲ ውድብ ምንም ዓይነት ረኽቢ ዘይብሉ ሃፍቲ ከም ኣታዊ ኣይቑፀርን፣

5) ኣብዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ 1-4 ዝተቐመጠ ከም ዘለዎ ኮይኑ ካብ ዝኾነ ፍልፍል ዝርከብ ናይ ውድብ ኣታዊ ብጥረ ገንዘብ ወይ ብዝውውር ገንዘብ ወይ ብዝተረጋገፀ ቼክ ወይ ብሕጋዊ መተሓላለፊ ሜላ እናተኣከበ ናብ ናይ ውድብ ሒሳብ ባንኪ/ካዝና ኣታዊ ዝኾነሉ ኣሰራርሓ፣ ኣታዊ ኣተኣኻኽባን ኣፈፃፅማን፣ ፍሰት ጥረ ገንዘብ፣ ጉድለት ፋይናንስ ንምሽፋን ዘኽእል ኣሰራርሓ፣ ምምሕዳርን ኣጠቓቕማን ሃፍቲ፣ ስርዓትን ሜላን ኣተሓሕዛ ሒሳብ፣ ትልሚ፣ ሜላ፣ ኣፈፃፅማ ዕዳጋ፣ ስነ ምግባር ሰብ ሞያ ዕዳጋ፣ ቑፅፅርን ኣተሓላልዋ መዛግብቲ ፋይናንስ ብዝወፅእ መምርሒ ይውሰን፣

6) ኣብዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ 1-5 ዝተቐመጠ ከም ዘለዎ ኮይኑ ኣብ ምምሕዳርን ኣጠቓቕማን ሃፍቲን ዝውውር ፋይናንስን ስራሕቲ ብውሽጢን ናይ ደገ ኦዲተራትን በብ ዓመቱ ይምርመሩ፤

ሀ/ መሓውር ውሽጢ ኦዲት ብውሽጣዊ ኢዲት ማንዋል ዝምራሕ ኮይኑ፤ ፋይናንሳዊ ኩነታት ንኹሎም ተጠቀምቲ ኣማሊኡ በብእዋኑ ከቕርብ፣ ብናይ ደገ ኦዲተራት ምስ ዝግበር ኮነፈረንስ ምትእምማን ክፈጥር፣ ፋይናንሳዊ ምዕቡል ኣገልግሎት ክህሉ ናይ ምግባር ሓላፍነት ኣለዎ፣

ለ/ ፍሉይ ኦዲት፣ ፋይናንሳውን ኣፈፃፅማ ኦዲትን መግለፅታቶም፣ ሓቅነቶምን ሚዛናውነቶምን ዘተኣማምን ምኻኑ ብናይ ደገ ኦዲትር ክምርምሩ ይኽእሉ፡፡

## ዓንቀፅ 40 ኣባላት ንሓፈሻዊን ከባብያውን መረፃ ዝሕፀይሉ ስርዓት፤

1) ኩሉ ኣባል ውደብ ሕፁይ ኮይኑ ናይ ምቕራብ መሰል ኣለዎ፣
2) ብሓፈሻዊን ከባብያውን መረፃ ንዝምስረቱ ቤትምኽሪታት ንውድብ ዝውክሉ ሕፁያት ኣባላት ብውድብ ይሕረዩ፣

3) ኣብዚ ላዕሊ ዝተቐመጠ ብመሰረት ሕጊ መረፃ፣ ምዝገባ ፖለቲካ ፓርቲታትን ስነ ምግባር መረፃን ንኻልኦት ዓይነት መረፃታት ውን ተፈፃሚ ይኸውን፣

4) ኣብዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ 1-3 ዝተቐመጠ ከም ዘለዎ ኾይኑ ኣባላት ንመረፃ ዝሕፀይሉ ስርዓት ብማእኸላይ ኮሚቴ ብዝወፅእ መምርሒ መሰረት ይካየድ፡፡

## ዓንቀፅ 41 ምምሕያሽ፣ ምስዓር መመሓደሪ ደንቢ ዝምልከት፤

1/ እዚ መመሓደሪ ደንቢ እዚ ከማሓይሽ፣ ክቕይር ወይ ጠቕሊሉ ክስዕር ዝኽእል ውድባዊ ጉባኤ ጥራሕ እዩ፣

2/ ልዕል ኢሉ ብዝተጠቕሰ ንኡስ ዓንቀፅ ሓደ መሰረት መመሓደሪ ደንቢ ዝመሓየሽ፣ ዝቕየር ወይ ዝስዓር ብክልተ ሲሶ ድምፂ ኣባላት ጉባኤ እንትድገፍ ይኸውን፣

3/ ኣብ መንጎ ክልተ ውድባዊ ጉባኤታት ነዚ መመሓደሪ ደንቢ እዚ ናይ ምትርጓም ስልጣን ዘለዎ ማእኸላይ ኮሚቴ ህወሓት ይኸውን፡፡

## ዓንቀፅ 42 ኣገላልፃ ፆታ፤

ኣብዚ መመሓደሪ ደንቢ ብተባዕታይ ፆታ ዝተገለፀ ንኣንስታይ ፆታ 'ውን ይሓውስ

## ዓንቀፅ 43 ዝተስዓሩ ሕጊታት፤

ቅድሚ ሎሚ ዝነበረ መመሓደሪ ደንቢ ውድብን ምስ'ዚ መመሓደሪ ደንቢ 'ዚ ዝፃረሩ መምርሒታትን በዚ መመሓደሪ ደንቢ እዚ ተሳዒሮም እዮም፡፡

## ዓንቀፅ 44 ተፈፃምነት እዚ መማሓዳደሪ ደንቢ፤

እዚ መመሓደሪ ደንቢ 'ዚ ኣብ ህፁፅ ጉባኤ ህወሓት ካብ ዝፀደቐሉ 26 ታሕሳስ 2012 ዓ/ም ጀሚሩ ተፈፃሚ ይኸውን፡፡